# ተኣሪሙ ዘይተወድአ ዝተመሓየሸ ንድፊ

ዝርገሐ፡ ሓፈሻዊ
11 ሰነ 2018

መበቀላዊ ጽሑፍ: እንግሊዝኛ
(ዘይወግዓዊ ናይ ትግርኛ ትርጉም)

**ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት**
**መበል ሰላሳን ሸሞንተን ኣኼባ**
18 ሰነ ክሳብ 6 ሓምለ 2018
**ዛዕባ ቁጽሪ** 4
**ኣቓልቦ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዘድልዮ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት**

## ጸብጻብ ፍልይቲ መርማሪት ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ወ/ሮ ሸይላ ቢ. ኪታሩት*

*ጽማቝ*

ኣብዚ ሓምሻይን መወዳእታን ጸብጻባ፡ ብመሰረት ውሳኔ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ቁጽሪ 35/35፡ ፍልይቲ መርማሪት ካብ ሰነ 2017 ጀሚሩ ዝተራእየ ቀንዲ ምዕባለታት ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ናይ ኤርትራ ተቕርብ። ብሓፈሻ ክግምገም እንከሎ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ሕማቕ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ንምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ንምፍዋስ ዝተወስደ ትርጉም ዘለዎ ስጉምቲ የለን። ፍልይቲ መርማሪት ኣብ መደምደምትኣ ንመንግስቲ ኤርትራን ንካልኦት ተሳተፍቲን ዝጠቕም ርእቶታት ኣቕሪባ ኣላ። ዕላማ ናይዚ ርእይቶ ኹኣ ኩሎም ኤርትራውያን ሰብኣዊ መሰላት ክስተማቕሩን ካብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ሓለዋ ክግበርሎምን ምምሕያሽ ንኽግበር ኢዩ።

* እዚ ናይ ሕጂ ጸብጻብ፡ ምእንቲ ናይ ቀረባ እዋን ምዕባለታት ከንጸባርቕ፡ ኣብቲ ክቐርብ ዝግብኦ መዓልቲ ዘይኮነ ድሒሩ ዝቐረበ እዩ።

# ትሕዝቶ


| | | ገጽ |
|---|---|---|
| I. | መእተዊ | 3 |
| | A. ናብ ኤርትራ ምብጻሕ ዕድል ኣይተረኽበን | 3 |
| | B. ኣገባብ ኣሰራርሓ | 4 |
| | C. ካብ ሓምለ 2017 ዝተኻየደ ንጥፈታት | 4 |
| | D. ዓለምለኻውን ኣህጉራውን ምዕባለታት | 5 |
| | E. ምትሕብባርን ጽምዶ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም | 6 |
| II. | እዋናዊ ህሉው ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት | 6 |
| | A. ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት | 7 |
| | B. ዕግበት ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት | 12 |
| III. | ወጽዓ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን | 14 |
| IV. | ተሓታትነትን ፍትሕን……… | 16 |
| V. | ገምጋምን መደምደምታን | 16 |
| VI. | ለበዋታት | 17 |

# I. መእተዊ

1. ውሳኔ ቁጽሪ 35/35 ናይ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ብዝእዝዞ መሰረት፡ ፍልይቲ መርማሪት ኣብዚ 5ይ ጸብጻባ ክሳብ ሰነ 2017 ዘሎ ግዜ ቀንዲ ምዕባለታት ኣብ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ኤርትራ ከተቕርብ እያ። ኣብዚ ሎሚ ዝቐርብ ዘሎ ናይ መወዳእታ ጸብጻባ፡ ፍልይቲ መርማሪት ብተወሳኺ ነዚ ስራሕ ካብ ዝወሃባ ክሳብ ሎሚ፡ ዝሓለፈ 6 ዓመታት፡ ዝተዓዘበቶን ከኣ ከተቕርብ እያ።

2. ፍልይቲ መርማሪት ብተወሳኺ እቲ ብመርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ኣብ ሰነ 2016 (A/HRC/32/47) ዝቐረበ እማመታት ንትግባረኡ ብዝምልከት ከኣ መብርሂ ከተቕርብ ኣያ። መርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ጸብጻባ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ከምዝፈጸሙን ይፍጽሙ ከምዘለዉን ንምርዳእ መሰረት ዝፈጥር እኹል መርትዖ ኣሎ ኢላ ኔራ። ክሳብ ሕጂ ግን ነዞም ዝተጠቕሱ ገበናት ዝፈጸሙ ሰባት ናብ ሕጊ ቀሪቦም ኣይተሓተቱን።

3. ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ 2012፡ ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ከተጽንዕ ብምባል ንፍልይቲ መርማሪት፡ ቀዳመይቲ ልእኽቲ ጌሩ ዘለዝመረጻን ኣብ ስርሓ ንዘንበረላ እምነትን፡ ምስጋናኣ ተቕርብ። ንኩለን ኣባል ሃገራት ናብ ሃገረን ክትመጽእን ምስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ክትመያየጥን ብምፍቃደን፡ ከምኡ ድማ ንኩሎም ግዱሳት ተሳተፍቲ ተመስግን። ነዚ ዝተጠቕሰ ዕድል ክወሃባ እንከሎ ኣብ ኤርትራ ነባሪ ፍታሕ ክመጽእ ተገዳስነት ከምዝነበረ ተዓዚባ። ኣብ ናይ ስርሕ ግዚኣ፡ ናይ ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ላዕለዋይ ተጸዋዒ/ኮምሽነር ብዘይምቁራጽ ንዝሃቦ ደገፍ ተመስግን።

4. ፍልይቲ መርማሪት ነቶም ሰብኣዊ መሰላት ተነፊግዎም ዝተሳቐዩ፣ ንስድራቤቶም፣ ከምኡ ድማ መሰኻኽር ግፍዒን ካብ ልባ ተመስግን። ዘሕለፍዎ ስቅያት፡ ሕልሚታቶምን ተስፋታቶምን፡ ፍልይቲ መርማሪት ነዚ ዝሃብዋ ሓበሬታ ብጥንቃቐን ብሓልዮትን፡ ንዕኦም ብዘይጎድእ መንገዲ ክጥቐመሉ ምኧና ተረዲኦም፡ ማሕበረሰብ ዓለም ንስቅያት ኤርትራውያን ክፈልጥን ፍትሒ ንኽርከብን ስለዝሓገዙ ምስጋና ይግብኦም። ስርሓ ካብ ዝጀመረትሉ መዓልቲ (ኣብቲ ንቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ዘቕረበቶ ጸብጻብ (A/HRC/23/53) ገሊጻቶ ኣላ) ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዘጋጠሞም ኤርትራውያን ድምጾም ንክሰምዑ ብዘይምሕላል ጽዒራ።

5. ኣብ መወዳእታ ንሲቪካውያን ማሕበራት ኣብ ዘመን ስርሓ ንዝገበሩላ ዋጋ ዘይወሃቦ ደገፍ ተመስግን። ምስ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ከምኡ ድማ ምስ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣኼባ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ምስኡ ጎኒ ጎኒ ዘዳልውዎ ዝነበሩ ርክባት እቲ ሓበሬታ ናብ ማሕበረሰብ ዓለምን ኣባል ሃገራትን ክበጽሕ ሓጋዚ ኔሩ።

## A. ናብ ኤርትራ ምብጻሕ ዕድል ኣይተረኽበን

6. ፍልይቲ መርማሪት ስርሓ መፍትሒ ንምርካብ ዝዓለመ ክኸውን፡ ጸግዒ ወይ ሻራ ብዘይምሓዝ፡ ከምኡ ድማ ብናጽነት ከተካይድ ብትግሃት ጽዒራ። ኩሉሻዕ ርሑው ዝኾነ መራኸቢ ብምፍጣር ኩሎም ግዱሳት፣ ብፍላይ ከኣ መንግስቲ ኤርትራ፡ ክሳተፉ ሰሪሓ። ይኹን እምበር መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ዕድል ተጠቒሙ ቁም ነገር ኣብ ዘለዎ ዘተ ክሳተፍ ፍቓደኛ ኣይኮነን።

7. መንግስቲ ኤርትራ ብተኸታታሊ ንዝሓለፈ ሽዱሽተ ዓመታት፡ ምስ ፍልይቲ መርማሪት ክተሓጋገዝ፡ ከምኡ ድማ ፍልይቲ መርማሪት ናብ ኤርትራ ተጓዒዛ ክትምርምር ፍቓደኛ ኣይኮነን። ዋላ'ኳ ናብ ኤርትራ ኣይትብጻሕ፡ ስርሓ ከምዘይተጓናደበ ንኩለን ኣባላት ሃገራት ከተረጋግጸለን ትፈቱ። ናብ ኤርትራ እንተትበጽሕ ኔራ ኣብ ኤርትራ ካብ ዘለዉ ሰባት ቀጥታ ሓበሬታ ክትረክብ ምኽኣለት፡ ብካልእ መንገዲ ክረኽብዋ ዘይከኣሉ ዜጋታትውን ዕድል ምረኸቡ ኔሮም። ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣባል ሃገራት፡ ናብ ሃገረን ምብጻሕ ክግበር ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ከፍቅዳ ዝእዝዝ መምርሕታት ኣሎ።[1]

8. ፍልይቲ መርማሪት ናብ ኤርትራ ክትበጽሕ ተፈቒድላ ኔሩ እንተዝኸውን ካብዚ ኣኪባቶ ዘላ ሓበሬታ ንላዕሊ ምረኸበት ኔራ ዝብል እምነት የብላን። ንኣብነት፡ ካብ ርእሰ ከተማ ዕሊ 25 ኪ.ሜ. ክትጓዓዝ ፍሉይ ፍቓድ የድሊ። ውሑዳት ተመራመርቲ ጥራይ እዮም ናብ ኤርትራ ዝበጽሑ። ብሰብኣዊ መሰላት ዝግደሱ፡ ነጻ ዝኾኑ ተዓዘብቲ፡ ናብ ኤርትራ ንኽኣትዉ ብተኸታታሊ እዮም ዝእበዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ሃዋሁ፡ መንግስቲ ኤርትራ ሰብኣዊ መሰላት የኽብርየ እንተበለ፡ ሓቅነቱ ከረጋገጸሉ ዘኽእል መንገዲ የለን።

[1] See E/CN.4/1998/45.

9. መንግስቲ ኤርትራ ፍልይቲ መርማሪት ናብ ኤርትራ ከይትበጽሕ ምኽልካሉ፡ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ኔሩ ኔሩ ኣብ ውሑድ ዘዝመረጾ ኣጋጣሚታት ጥራይ ክላዘብ ምፍታኑ፡ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዘይምቕባልን (ምኽሓድን)፡ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ሕማቕ ከምዘሎ ዘመልክት እዩ።

## B. ኣገባብ ኣሰራርሓ

10. ፍልይቲ መርማሪት ስርሓ ንምስላጥ ኣብ ግዳያት ዘተኮረ ጥበብ ኣሰራርሓ ተኸቲላ። ብስቱር ቃለ-መጠይቓት ብምክያድ ካብ ግዳያትን ስድራቤቶምን፡ ከምኡ ድማ ካብ መሰኻኽር ዝረኸበቶ ሓበሬታ ተጠቒማ። እዚ ቃለ-መጠይቓት ኣብ ወጻኢ ሃገራት፣ ኣብ ኣፍሪቃ፣ ኤውሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ካልእን ተኻይዱ። ካብ ዝተፈላለዩ ምንጪታት፣ ምሁራት፣ ዲፖሎማሰኛታት፣ ግዱሳት፣ ሲቪካውያን ማሕበራት፣ ጋዜጠኛታት፣ ጠበቓታት፣ ናይ ሕክምና ሰብ ሞያን ካልኦትን ሓበሬታ ኣኪባ ኢያ። ነቲ ዝተረኸበ ሓበሬታ ንምጽራይ ካብ ካልእ ምንጪ ተመሳሳሊ ሓበሬታ ብምርካብን ምስ ናጻ ዝኾነ ምንጪ ሓበሬታ ብምግንዛብን ሓቅነት ኣጻርያ።

11. ፍልይቲ መርማሪት፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ስርሓ፡ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ንምፍላጥ ሓበሬታ ትእክበሉ ሰፊሕ መርበብ ዘርጊሓ። እዚ መርበብ ካብ ዝተፈላለየ ተሞክሮን ሞያን ዘለዎም፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝነብሩ ሰባትን ዝህብዎ ሓበሬታ ክትእክብ ሓጊዝዋ። ዝረኸበቶ ሓበሬታ ቅድሚ ምዝርግሑ ንግዳያትን ስድራቤቶም፡ ከምኡ ውን ንመሰኻኽር ብዘይጎድእ ሜላ ንክኸውን ምስኣቶም እናተላዘበት ሰሪሓ። ኩሉ ዝረኸበቶ ሓበሬታን ዝርዝራትን ግን ከምዚ ዝበለ ምስጢራዊ ኣሰራርሓ ዘድልዮ ኣይነበረን።

12. ፍልይቲ መርማሪት ካልእ ምንጪ ሓበሬታውን ተጠቒማ እያ። ንኣብነት፡ ንህዝቢ ክፉት ዝኾነ ሓበሬታ፡ ካብ መንግስቲ ኤርትራ ዝፍኖን ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ብህዝባዊ መራኸቢታት ዝህብዎ ሓበሬታን ዘጠቓለለ። ንኹሉ ህዝቢ ክፉት ዝኾነ ሓበሬታታት ናይ ሕቡራት ሃገራት ውን ተጠቒማ።

## C. ካብ ሓምለ 2017 ዝተኻየደ ንጥፈታት

13. ፍልይቲ መርማሪት፡ ብሲቪካውያን ማሕበራት ብዕለት 19 ጥቅምቲ 2017 ኣብ ዝተዳለወ ኣኼባ መብርሂ ሂባ። እዚ ኣኼባ ኣብ ኩነታት ኤርትራውያን ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ዘተኮረዩ ኔሩ። እዚ ኣኼባ ኣብ ከተማ ብራስልስ ቤልጁም ተኻይዱ። ብዙሓት ኤርትራውያን፡ እንኮላይ ቈልዑ፡ ካብ ሃገሮም ዘህድሞም ዘሎ ቀንዲ ምኽንያት ንምልላይ ዝዓለመ ነበረ።

14. ብ 26 ጥቅምቲ 2017 ፍልይቲ መርማሪት ኣብ መበል 72 ኣኼባ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ን3ይቲ ኮሚተ መብርሂ ሂባ። ኣብቲ ን3ይቲ ኮሚተ ዝሃበቶ መብርሂ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ እናኸፍአ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጻ። ኣብዘን ዝስዕባ ኣርእስትታት ከኣ ኣቶኪራ፡- ኣብ ቀይዲ እንከለዉ ዝሞቱ ሰባት፣ ብጃምላ ማእሰርቲ ከም ኣገባብ መቕጻዕቲን ፍርሒ ንምሕዳርን፣ ኣብቲ ዘይውዳእ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘጋጥም ግፍዒ፣ ሓሳብካ ንከይትገልጽ ምኽልካል፣ ዝመረጽካዮ ሃይማኖት ናይ ምኽታል ናጽነት ዘይምህላው፣ ከምኡ ድማ ዑቕባ ደልዮም ቀጻሊ ዝስደዱ ዘለዉ ኤርትራውያንን። ስደተኛታት ዝቕበላ ሃገራት ከኣ ንሓተትቲ ዑቕባ ብፍላይ መሰሎም ንምኽባር ዘሎ ትድለታት ክዐርያ ኣመልኪታ። ንማሕበረሰብ ዓለም ድማ እታ መርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዘሕለፈቶ ጻውዒት ከኽብርን ቅድሚ ሕጂ ዝተፈጸመን ክሳብ ሎሚ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ተሓታትነት ንክህሉ ክተሓባበራ ጸዊዓ።

15. ካብ 27 ለካቲት ክሳብ 5 መጋቢት 2018 ፍልይቲ መርማሪት ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ኣካይዳ፡ ሰበስልጣን ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ምስ ዝርከብዎም ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን ተላዚባ። ብተወሳኺ ምስ ኤርትራውያን ስደተኛታትን (ሓደስቲ ዝመጹን ነዊሕ ዝተቐመጡን) ሲቪካውያን ማሕበራትን ከኣ ተራኺባ። ካብ 6 ክሳብ 9 መጋቢት 2018 ፍልይቲ መርማሪት ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ፡ ዓለምለኻዊ ጉዳያትን ሚኒስትሪ ፍትሒን ንምርኻብ ናብ ካናዳ በጺሓ። ምስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ውን ተራኺባ። ኣብ ለካቲት 7 2018 ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦታዋ ኣብ ዝተኻየደ ዘተ ተሳቲፋ። ካብ 16 ክሳብ 20 ሚያዝያ 2018 ምስ ሰበስልጣን ግሪኽ፣ ሲቪካውያን ማሕበራት፣ ኤርትራውያንን ካልኦት ግዱሳትን ንምልዛብ ናብ ግሪኽ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ኣካይዳ።

16. ኣብዞም ዝተጠቕሱ ናይ ስራሕ መገሻታት ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ፡ ዑቕባ ንዝሓቱ ስደተኛታት (ዑቕባ ኣብ ዝሓቱላ ሃገርን ኣብ መንገዲ እንከለዉን) ክቕረበሎም ዘድሊ ምክንኻን ኣመልኪታ ተዘራሪባ። ምስ ዝተፈላለዩ ግዱሳት ክትዘራረብ እንከላ፡ ገበነኛታት ዝሕተቱሉ ዝተፈላለየ ኣማራጺታት፡ ብሕጊ ከይተሓተቱ ዝተርፉ ገበነኛታት ሸለል ከይበሃሉ፡

ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ምስ ዘጋጠሞም ግዳያት ፍትሒ ዝረኽቡሉ መንገዲ ክፍጠር ከምዘድሊን ኣመልኪታ።

17. ብዕለት 12 መጋቢት 2018 ፍልይቲ መርማሪት ኣብ መበል 37 ፍሉይ ሓባራዊ ዘተ ናይ ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት ተሳቲፋ። ንኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ኣመልኪታ ድማ መብርሂ ኣቕሪባ። ኣብዚ መብርሂ ካብ ወርሒ ጥቅምቲ 2017 ክሳብ መጋቢት 2018 ኣብ ዘሎ ግዜ ተቓውሞ ኣብ ዝተራእየሉ እዋን ዝተገብረ ጃምላዊ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲን ኣቶኪራ ገሊጻ። ከምኡ ውን ኣብ ቀይዲ እንከለዉ ብሞት ዝተፈልዩ ናይ ዕድመ በዓል ጸጋ፣ ሕፉር ኣቦን ተጋዳላይ ነበርን ንኣቶ ሓጂ ሙሳ መሓመድ ኑር ዝምልከት ሓበሬታ ሂባ።

18. መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ ፍሉይ ሓባራዊን ዘተ ኣይተሳተፈን። ይኹን እምበር፣ በዚ ኣጋጣሚ ወከልቲ ናይ ካናዳ ትካል ዕደና ነቭሰን ከምኡ ድማ ናይ ኣውስትራልያ ትካል (ዳናኪል ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ፍርቂ ፍርቂ ብርኪ ዘለዎ ፖታሽ/ነሓሲ ዝዕድን ትካል) ዝተሳተፍዎ ዘተ ኣዳልዩ።[2]

## D. ዓለምለኻውን ዞባውን ምዕባለታት

19. ናይ ኣፍሪቃ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላትን መሰል ኣህዛብን፣ ኣብ ሞውሪታንያ ከተማ ናክሾት ካብ 25 ሚያዝያ ክሳብ 9 ግንቦት 2018 መበል 62 ኣኼብኡ፣ ንኤርትራ ዝምልከት ጸብጻብ ሰሚዑ። እዚ ኣኼባ ብመሰረት ዓንቀጽ 62 ናይ ቻርተርን ዓንቀጽ 26 ናይ ማፑቶ ፕሮቶኮልን ዝቐረበ ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣፍሪቃ ዝምልከትዩ ኔሩ። ካብ 1999 ክሳብ 2016 ኣብ ዘሎ እዋን ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜኣ ዘቕረበቶ ጸብጻብዩ ኔሩ።

20. ኣብ ወርሒ ጥሪ 2018 መንግስቲ ነዘርላንድ ንወኪል ኤምባሲ ኤርትራ (Chargé d'Affaires) ካብ ሃገራ ክትሰጎ ምኽናን ብፍቓዱ ካብ ሃገራ ክለቅቕን ኣፍሊጣቶ። እዚ ስጉምቲ ዝተወሰደ፣ ሃገራዊ ባይቶ ናይ ሆላንድ፣ መንግስቲ ኤርትራ ብምግዳድን ብምፍርራሕን 2% ግብሪ ካብ ዑቕባ ዝተዋህቦም ኤርትራውያን ኣብ ነዘርላንድን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያንን ይእክብ ኣሎ ዝብል ስክፍታ ከምዘለዎ ድሕሪ ምግላጹ ኢዩ። ኣይንኽፍልን ዝበሉ ሰባት ምፍርራሕ ምውራድን ኣጋጢምዎምዩ።

21. መንግስቲ ሱዳን ኣብ ሰሜን ኮርዶፋንን ከሰላን ዝበሃል ቦታት፣ ድሕሪ ናይ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናይ ህጹጽ እዋን ኩነታት ምእዋጅ፣ ብዕለት 5 ጥሪ 2018 ምስ ኤርትራ ብወገን ምብርቕ ዘራኽቦ ዶብ ዓጽዩ። ብጸጥታ ምኽንያት ከምዝዓጸዎ ገሊጹ። ክሳብ ሎሚ እቲ ዶብ ተዓጽዩ ኣሎ።

22. ብዕለት 14 ሕዳር 2017 ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣጽዋር ከይኣቱ ኣሕሊፍዎ ዝነበረ እገዳ ክሳብ ዕለት 15 ሕዳር 2018 ክናዋሕ ወሲኑ። ንሶማልን ኤርትራን ዝከታተል ጉጅለ (Somalia and Eritrea Monitoring Group (SEMG)) ክሳብ ዕለት 15 ታሕሳስ 2018 ስርሑ ክቕጽል ተፈቒድሉ። ኤርትራ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ዘለዋ ተሳትፎ ከተመሓይሽ'ኳ እንተፈተነት፣ "ዕማሙ ምእንቲ ክፍጽም፣ መንግስቲ ኤርትራ ንተኸታታሊ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን (SEMG) ናብ ኤርትራ ክበጽሕ ኣድላዪ ምድላዋት ክትገብር ይጽበ ከምዘሎ"[3] ክብል ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ደጊሙ ገሊጹ።

23. ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ነቲ ብልፍንቲ ወሽመጥ ዓረብ ተባሂሉ ዝፍለጥ ምትሕግጋዝ ናይ ስተፈላለያ ሃገራት፣ ናብ የመን ስትራተጂካዊ መተሓላለፊ ክኾኖ፣ ኣብ ከባቢ ወደብ ዓሰብ ኣገልግሎት ትህብ ኣላ። ተኸታታሊ ጉጅለ ሶማልን ኤርትራን (SEMG) ኣብ 2017 ዘቕረቦ ጸብጻብ ንሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ ዓሰብ ዝተዋህበ ወትሃደራዊ መዓስከር (ቀጻሊውን ዝዓቢ ዘሎ)፣ "ንምምሕልላፍ ናውቲ ሰራዊትን ወትሃደራዊ ምትሕግጋዝን ስለዘገልግል" ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሎ እገዳ ኣጽዋር ዝጻረርዩ ኢሉ።[4]

24. ኣብ ወርሒ ሕዳር 2017 ካናዳዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ነቭሰን (Nevsun Resources Ltd.) ዝቐረበ ክሲ ኣብ ብሪቲሽ ኮሎምብያ ዝበሃል ቦታ ክቕጽል ወሲኑ። እዚ ክሲ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንከለዉ ተገዲድና ኣብዚ ናይ ዕደና ትካል ቢሻ ንሰርሕ ኔርና ብዝብሉ ኤርትራውያን ዝቐረበ ኢዩ።[5] ትካል ነቭሰን ነዚ ናይ ሕዳር 2017 ውሳነ ብምቅዋም ኣብ ጥሪ 2018 ናብ

---

2 Demystifying Eritrea: The Ground Reality, Mining and Human Rights', 8 March 2018, at the Palais des Nations, Geneva.

3 S/Res/2385 (2017) para 35.

4 S/2017/925 of 6 November 2017 at page 3.

5 Araya v. Nevsun Resources Ltd., 2017 BCCA 401.

መወዳእታ ይግባይ ሰማዒ ቤት ፍርዲ (Canada's Supreme Court) ይግባይ ኣቕሪቡ ኣሎ። እዚ ክሲ ኣብ ቤት ፍርዲ ይዳነ ኣሎ።[6]

## E. ምትሕብባርን ጽምዶን ምስ ማሕበረሰብ ዓለም

25. ብወገን ኤርትራ፡ ንርክባት ወጻኢ ብዝምልከት ገለ ዘተባብዕ ምዕባለ ኣሎ። ልኡኻት ዲፕሎማሰኛታትን ኣባላት ፓርላማን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከምኡ ውን ልዑል ዝበሉ ሰብ መዚ ሕቡራት ሃገራት ናብ ኣስመራ በጺሖም ኢዮም። ምስ ብርክት ዝበሉ መንግስታት እውን ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዘተኮረ ክልተኣዊ ዝርርባት ተኻይዱ። ሓያሎ ጋዜጠኛታት እውን ናብታ ሃገር ክኣትው ተፈቒዱሎም። ኤርትራ ርክባታ ምስ ማሕበረሰብ ዓለም ናብ ንቡር ንምምላስ ድልየታት ከም ዘለዋ ዘርኢ ምዕባለታት ስለ ዝኾነ፡ ፍልይቲ መርማሪት ብሓጎሱ ትቕበሎ።

26. መንግስቲ ኤርትራ ብፍሉይ ንቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽነር ሰብኣዊ መሰላት ምብጻሕ ክገብርን ኣብ ሰብኣዊ መሰላትን ምምሕዳር ፍትሕን ዓውድ መጽናዕቲ ከዳሉን ዓዲሙ። ፍልይቲ መርማሪት ነዞም ኣወንታዊ ስጉምትታት ብሓጐስ እናተቐበለት፡ እዚ ትርጉም ዘለዎን ዝትግበርን ክኸውን ምእንቲ ኣብዞም ዝተጠቕሱ ገደናታት በብግዜኡ ብጭቡጥ ምዕባለ ምዕቃንን ምሕባርን ከምዘድሊ ኣስሚራትሉ። ኣገዳሲ ነጥቢ ከም መዐቀኒ ነዚ ምዕባለ፡ ኣብ መዓልታዊ ምጥቃም ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራውያን ብጭቡጥ ዝተግብረ ጽልዋን ምትሕብባርን ከነጽር ይግባእ።

# II. እዋናዊ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት

27. ኣብ ኤርትራ ዘሎ ህልው ኩነታት፡ ቅድሚ ሕጂ ብፍልይቲ መርማሪትን ብመርማሪት ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላትን ዝተለለየ ግህሰታት ዘይተለወጠሉ ኩነት ኮይኑ፡ ብኢደወነን ዝግበር ማእሰርትን ቀይድን፣ ኣብ ናይ ቀይዲ ቦታታት ዘሎ መጠኑ ዝሓለፈ ብዝሒ እሱራት ዕልቕልቕን፣ ሞት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ፣ ከምኡ ውን ምግሃስ ሓሳብካ ብናጻ ናይ ምግላጽ መሰል፣ መሰል ምትሕብባርን ሰላማዊ ምትእኽኻብን፣ ናይ እምነት ጸቕጥን ይጥቀሱ። ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ብመልክዕ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይምቁራጽ፡ ኣብ ልዕሊ መሰረታዊ መሰላት ዘስዓቦ ኣሉታዊ ጽልዋታት፡ ከምኡ ውን ኣብ ናይ ምንቅስቓስ ነጻነት፡ ምግሃስ መሰላት ብቑዕን ሚዛኑ ዝሓለወ ዋጋታት መንበሪ ገዛ፡ ናይ ንብረት መሰልን ብርሰት ኣብ ልዕሊ መነባብሮን ይግለጹ።

28. ፍልይቲ መርማርቲ ውሑድ ተግባራዊ ለውጥታትን ዕቑር ዓቕሚ ንኣወንታዊ ጽልዋን ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ከምዘሎ ተመልክት። ግን ሕጂ ውን ቅዋም፣ ሕግታት ዝዝተየሉን ዝጸድቀሉን ከምኡ ውን ኣገደስቲ ሃገራዊ ሕቶታት ንክትዕ ዝቐርበሉ ባይቶ ከምዘየሎ እናጕሃየት ትሕብር። ልዕልና ሕጊ ኣይኽበርን። መንግስትን ወከልቱን ንሕጊ ምእዙዛት ኣይኮኑን። ስለዚ ነዊሕ ዝሰረቱ ሳዕቤኑ ድማ ሰፊሕ ዝርግሐ ዝህልዎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣይከቛርጽን ኢዩ።

29. ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበራት ኣብታ ሃገር ክሰርሓ ኣይፍቀደንን። ዓለምለኻውን ዘይመንግስታውን ማሕበራት ዝተወሰና ኮይነን ብመንግስቲ ዕድመ ተጌሩለን ብመሰረት ጽኑዕ ስምምዓት ኣገልግሎት ዝህባ ኢየን።

30. ካብ 2012 ኣትሒዙ፡ እዚ ሰፊሕ ዝርግሐ ዘለዎ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት፡ ገለ ካብኡ ንገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ዝዳረግን ንግዱድ ዕስክርና ብትሕዝቶ ዝተቃልዑ ዘካተተን፡ ከም ቀዳማይ ጠንቂ ንናይ ኣህዛብ ኣገደስቲ ውሳኔታት ምስጋር ኣህጉራዊ ዶባትን ስደተኛ ምኳንን ዝብል ናይ ፍልይቱ መርማርቲ ምዙን ርእይቶ ኢዩ። ንሳቶም ኣብ መገድታት መህደሚ፡ ንዘባህርሩ ሓደጋታት ይምክቱ፡ ምኽንያቱ ናይ ምጽዋር ዓቕሞም ብሰንኪ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ስለ ዝበረኸ። ብንጹር ውን እቶም ዝበዝሑ ዘስካሕክሑ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ብምቅዋም ዝወጹ ኢዮም።

31. ናይ ቀረባ ኣጋጣምታት ከምዝሕብርዎ፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ፍርሒ ኢደ-ወነናዊ ቀይድን ማእሰርትን ብቀጻሊ ይነብር። መንግስቲ ሕጂ ውን ንሂወት ናይ ዜጋታት ብኽቱር ስለ ዝቀጻጸሮ፡ ምስምስቓር ሰብኣዊ መሰላት፣ ሲቪላዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ኤኮኖሚያዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት፡ ንኤርትራውያን መዓልታዊ ቃልሲ ኮይኑ ይርከብ።

6 SCC, Case number 37919, Nevsun Resources LTD v. Gize Yebeyo Araya, et al.

## A. ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት

### 1. ኢደ-ወነናዊ ቀይድን ማእሰርትን ዓቐኑ ዝሓለፎ ማሕቡስን

32. ፍልይቲ መርማሪት ኣብ ካልኣይ ጸብጻባ፡ ዓቐኑ ኣብ ዝሓለፎ ማሕቡስ ብዛዕባ ዝፍጸም ግህሰታት ኣስሪሓ ገሊጻ ኔራ።[7] ብዝርዝር ከም ዝሓበረቶ፡ ንምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግዜ ማሕቡስ ንነዊሕ ደሕሪ ምጽናዕ፡ ኣሰቃቒ ኩነታት ማእሰርቲ፡ ንባህርያዊ ክብረት እሱራት ብኣሉታ ከምዝጸለወ ኣስሚራትሉ። ብዝሒ እሱራትን ልክዕ ቁጽሪ ቤት ማእሰርትታትን ወግዓዊ ይኹን ዘይወግዓዊ ስታትስቲካዊ ኣሃዛት ንምርካብ ኣጸጋሚ ብምኻኑ፡ እዞም ዝጥቀሱ ጉድለታት ባዕላቶም ዝምልስዎ ኾይኑ፡ ኣብ ዝኾነ ስርዓት ቤት ማሕቡስ ግሉጽነት ከም ኣገዳሲ ባእታ ኣብ ልዕልና ሕጊ ዝተመስረተ ክኸውን ከምዘለዎ ኢዩ። እዚ ኩሉ ኢደ-ወነንናዊ ቀይድን ማእሰርትን ከምኡ'ውን ኩነታት ቤት ማሕቡስን ብኮምሽን መርማሪት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ውን ብሰፊሑ ተሰኒዱ ኣሎ።[8]

33. ሰብ ንምቕያድ ዝወሃብ ውሳኔ ሕጋውነት ክህልዎ እንተኾይኑ፡ ኣብ ሕጊ ዝተመርኮሰ ክኸውን ይግባእ። ዝኾነ ምእሳር ወይ ቀይዲ ንስርዓተ-ሕጊ ሃገር ዘኽብርን ንመምርሒ ዓለምለኻዊ ሰብኣዊ መሰላትን ዝኽተል ክኸውን ይግባእ። በዚ መሰረት፡ ማእሰርትን ቀይድን ዘፍቅዱ መሰረታውያን ምኽንያታት ብሃገራዊ ሕጊ ክድንገገ ይግባእ። እዚ ማለት፡ ሃገራት ዝኾነ ኣዝዩ ሰፊሕ ወይ ውን ዘይርትዓዊ ትርጉምን ኣፈጻጽማን ምእሳር ከየተግብራ ሓላፍነት ከም ዘለወን ዘመልክት እዩ። ሃገራዊ ሕግታት ምስ ዓለምለኻዊ መሰረታት ሰብኣዊ መሰላት ክሳነዩ ይግባእ። ምእሳር ይኹን ምንፋግ ሓርነት ብዘይሕጋውውን ዘይምኽኑይን ብዘይተደልየን ክኸውን የብሉን ወይ ውን ብሓጺሩ ብጉድለት ናይ ርጉጽነት ዝስዕብ ምእሳር፡ መስርሕ ሕጊ ክኽተል ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ኣገባብ ሓደ ዝተወሰነ ማእሰርቲ ፈላላይ ክኸውን ኣይግባእን፡ ከምኡ ውን ንኩነታት ናይቲ ጉዳይ ብምግንዛብ ቅኑዕን ተመጣጣንን ክኸውን ይግባእ።

34. ቀይድን ማእሰርትን ከም መቕጻዕቲ ኣብ ልዕሊ ሕጋውን ሰላማውን መስርሓት መባእታዊ መሰላት፡ ከም ሓርነት ናይ ነብስኻን ሓሳብካን ምግላጽ፡ ሓርነት ናይ ምትእኽኻብን ማሕበርን፡ ናይ እምነት ሓርነትን፡ ከም ኢደ-ወነናዊ ይውሰዱ።

35. ኣብ ዝሓለፈ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ብፍልቲ መርማርቲ ዝተሰነዱ ናይ ቀይድን ማእሰርትን ጉዳያት ዘርእይዎ ነገር እንተሎ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ፍሉጥን ብተደጋጋሚ ዝተሰነደ ኣገባባቱ፡ ነዚ ዝስዕብ ዘጠቓልል ይቕጸለሉ ኣሎ፡- ብጃምላዊ ማእሰርቲ ፍርሒ ምትእትታው፣ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝርከቡ መሰላቶም ብሕጋዊ መገዲ ክጥቀሙን ንሕጋውነት ማእሰርቶም ክብድሁ ዘይምፍቃድ፣ ዝተቐየዱ ሰባት ይኹኑ ደቖም ብዘይ ደሃይ ምሓዝ፣ ንኣባላት ቤተሰብ ዝኾነ ናይ ቀይዲ ወይ ማእሰርቲ ወግዓዊ ሓበሬታ ዘይምሃብ። ገለ ቤተሰባት ደሃይ ናይ ፈተውቶም ብምርካብ ብዘይወግዓዊ መገዲ መግብን ክዳውንትን ክህቡ ይኽእሉ፤ ካልኦት ቀይድን ማእሰርትን ብምፍራሕ ደሃይ ንክሓቱ ኣይደፍሩን። ብፍሉይ ተለልዮም ዝቐረቡ ኣብነታት ኣብ ታሕቲ ተገሊጾም ኣለው።

36. ግሁድ ወይ እሙት ነቐፌታ ኣብ ልዕሊ መንግስታዊ ፖሊሲታት፡ ሓበሬታ ምልውዋጥን ሓሳብካ ብሓርነት ምግላጽን፡

- ቀይድን ማእሰርትን ነፍስሄር ሓጂ ሙሳ መሓመድ ኑር፡ ሓላፍን ኣባል ኮሚቴ ቤት ትምህርቲ ኣል ዲያእ ኣብ ከባቢ ኣኽርያ፡ ኣስመራ፡ ድሕሪ ምንጻግ ናይ መንግስቲ ትእዛዝ ኣንጻር ንቡር ኣሰራርሓ ቤት ትምህርቲ ኣብ መጨረሽታ ጥቅምቲ 2017፣

- ቀይድን ማእሰርትን ክልተ ጋዜጠኛታት ድሕሪ ቀብሪ ሓጂ ሙሳ መሓመድ ኑር ኣብ መጋቢት 2018፣

- ቀይድን ማእሰርትን ዋና ኢንተርነት ካፈ ኣብ 2016፡ ካብ ኤርትራ ወጻኢ ምስ ዝርከቡ ሰባት ሓበሬታ ምልውዋጥ ብዝብል ጥርጣረ፡ መንግስቲ ኣሉታዊ ዝብሎም መዓልታዊ ናይ ኣስመራ ናብራ ዝገልጹ፡ ንኣብነት ሰባት ሃለኽቲ ነገራት ክዕድጉ ሪጋ ተሰሪዮም ከለው ዘርኢ ስእሊ።

37. ምጥቃም መሰላት ምትእክኻብን ሰላማዊ ኣድማን፡

- ቀይድን ማእሰርትን ኣብ ልዕሊ ተሳተፍቲ ሰላማዊ ሰልፊ ዕለት 31 ጥቅምቲ 2017፡ ኣድማ ብምኽንያት ምቕያድን ምእሳርን ነፍስሄር ሓጂ ሙሳ መሓመድ ኑርን ካልኦት ኣባላት ኮሚቴ ቤት ትምህርቲ ኣል ዲያእ። እቶም ዝበዝሑ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ኣል ዲያእን ወለድን ኢዮም። ኣብ ዝቀጸለ መዓልትታት፡ ካብ መገድታት ከምኡ ውን ብለይቲ ካብ ገዛውቲ ብዘይ

---

[7] A/HRC/26/45.

[8] A/HRC/29/CRP.1.

ናይ ተፍትሽ ወይ ምቕያድ ፍቓድ፡ ካልኦት ውን ናብ  ስራሕ ኣብ ዝኸድሉ ብሓፈሻን ብቐንዱን ካብ ኣኽርያ ብዘይ ምጽራይ ምቕያድ። ደቂ ኣንስትዮን ህጻናትን ውን ተቐይዶምን ተኣሲሮምን። ብርክት ዝበሉ ህጻናት (ትሕቲ 18 ዓመት) ድሕሪ ቁሩብ መዓልትታት ከምዝተለቐቁ ይሕበር። ካብ ኣስመራ ሰባት ብናይ ጽዕነት መካይን ካብ ከተማ ወጻእን ካብ ስድራቤቶምን ተወሲዶም። እቶም ዝበዝሑ ኣብ ቀይዲ ዝኣተው ናይ ምስልምና ሰዓብቲ ኮይኖም፡ ገለ ካብኣቶም እውን መራሕቲ ማሕበረሰብ ኣብ ኣኽርያ ኢዮም።

- ድሕሪ ስነ ስርዓት ቀብሪ ሓጂ ሙሳ ኣብ ዕለት 3 መጋቢት 2018፡ ናይ ጸጥታ ሓይልታት ብኣማኢት ኣብ ልዕሊ ዝቑጸሩ ሰባት ጃምላዊ ቀይዲ ኣካይዶም። ገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሊ ብምውፋር ድሕሪ ስነ ስርዓት ቀብሪ ምቕያድ ተጀሚሩ። ኣረጋውያንን ህጻናትን ውን ተቐይዶምን ተኣሲሮምን።

38. ምጥቃም መሰላት ሃይማኖትን እምነትን፡

- ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 2017፡ ከባቢ 45 ሰባት ኣብ ዓዲ ኽላ ተቐይዶም ናብ ማሕቡስ ተወሲዶም። ሓደ ካብዚኦም ውን ብምኽንያት ምቅላዕ ንከቢድ ኩነታት ክሊማን ናይ ማሕቡስ ኩነታት ኣትሓሕዛን ሞይቱ። እዚኦም ተፈቲሖም ይኹኑ ወይ ውን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ይሃልው ዝፍለጥ ነገር የሎን።
- ቀይድን ማእሰርትን መማህራን ምስልምና ኣብ መወዳእታ 2017፡ ሃይማኖታዊ ኣስተምህሮ ሂብኩም ብዝብል ጥርጠራ።
- ቀይድን ማእሰርትን ሃይማኖታዊ መራሕቲ ካቶሊካዊ ትካል ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 2017.

39. ፈተነ ስግረ ዶብ፡ ቀይድን ማእሰርትን ሓደ ሰብ ኣብ መጀመርታ 2018 ኣብ ፈተነ ስግረ ዶብ። ብዘይ ርክብ፡ ቤተሰቡ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዜ መግቢ ከብጽሑሉ ክኢሎም።

40. "ገበን ብቕርበት" - ኣብ ክንዲ በዓል/ቲ ቤት፣ ወላዲ/ሓው/ሓብቲ ሃገር ብምግዳፍ ናብ ማእሰርቲ ምእታው፡

- ኣብ 2016 ናይ ክልተ ኣሕዋት ምእሳር፡ ብድሕሪ ሓወን ካብ ሃገር ምህዳሙ።
- ምቕያድን ምእሳርን በዓልቲ ቤትን ኣደ ሰለስተ ህጻናትን ኣብ 2017፡ ብድሕሪ በዓል ቤታ ምኻዱ።

41. እዞም ናይ ቀረባ ኣጋጣምታት ዘረጋግጽዎ ነገር እንተሎ፡ እቲ ቅድሚ ሕጂ ብፍይልቲ መርማሪ፣ ብመርማሪት ኮምሽንን ብኻልኦት ናይ ሰብኣዊ መሰል ማሕበራትን ብደቂቕ ዝተሰነደ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ሕጂ ውን ገና ይቕጽል ምህላዉ እዩ።

42. ኣብ ኤርትራ፡ ዓቕሙ ዝሓለፈ ማሕቡስ ኣብ ጥዕና ናይ እሱራት፡ ኣብ ልዕሊ ቤተሰብን ሕብረተሰብን ውን ጽልዋ ሳዕቤናቱ ኣዝዩ ዝሰረተ ይኸውን። ኣብ ዘለቕለቐ ኣብያተ ማእሰርቲ ዓቕሙ ዝሓለፈ ማሕቡስ፡ ነዊሕ ዝጸንሐ ሽግር ኢዩ። ዕልቕልቕ ዝበዝሐ ኣብያተ ማእሰርቲ፡ ዋላ'ኳ ናይ ማሕቡስ ግዜ ሓጺር ይኹን፡ እሱራት ብድሕሪ ምልቓቖም ተደጋጋሚ ናይ ኣካል፡ ናይ ኣእምሮ ጥዕናን ማሕበራዊ ሽግራትን የስዕብ።

43. ኣብ ትሕቲ ዘይሰብኣዊ ኩነታት ዝግበር ቀይድን ማእሰርትን፡ ከም መሳርሒ ንመቀጻጸርን መቕጻዕትን፡ ከምኡ ውን ምሓዝን ምቕያድን ከም ሓደ ባህርይ ኣብ ክንዲ ውሑስ ኣማራጽታት ምጥቃም ብቐጻሊ ዘጋጥም ጸገም እዩ። ስለዚ ብዘይ ፍርዲ ናይ ዝተቐየዱ እሱራት ቁጽሪ እንዳዓበየ ከም ዝኸይድ ይኸውን። እዚ ጸገም፡ ብጉድለት መሰል ጥብቅና ዝጋደድ ኮይኑ፡ ዝበዝሑ ጠበቓታት ኣብ ትሕቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተቖጽሩ ኮይኖም፡ ኣብ ናይ ግሊ ስራሕ ዝዋፈሩ ብቑጽሪ ውሑዳት እዮም።

44. ዕልቕልቕ፡ ሳዕቤን ኣብ ኩሉ ደረጃታት ናይ ገበናዊ ስርዓተ ፍትሒ ዘሎ መስርሕ ዘይቅርጥውነት ኢዩ። ሓገዝ ዝወሓዶ ናይ ፍትሒ ስርዓት ዝተደናጕየን ዘይብቑዕን ኮይኑ፡ ከም ውጽኢት ውን ነዊሕ ምድንጓያትን ምንጻግ ናይ ፍትሒ ውሕስነታት፡ ምጉዳል መሰል ናብ ብግቡእ ዝቖመ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ምቕራብን ኣብ ምኽኑይ ግዜ ፍርዲ ዘይምሃብን የስዕብ።

45. ህጻናት፣ ኣረጋውያንን ደቂ-ኣንስትዮን ብምኽንያት ሕማቕ ኣተሓሕዛ፡ ሕጋዊ ውሕስነት ብዘይምርካብን፡ ኣብ ዝተጸቓጸቐ ኣብያተ ማእሰርቲ እኹል ጽሬትን ብቑዕ ምግብናን ቀረብ ማይን ብዘይምህላው፡ ኣብ ዓቢ ሓደጋ ይወድቁን ብኣሉታ ይጽለውን።

46. ኣብ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ንዝተሳተፉ ዓበይትን ቈልዑን ምቕያድ ዘይሕጋዊ ተግባርን ዓመጽን እዩ። ፍልይቲ መርማሪት ምስ ወለዲ ናይ ሓደ ድሕርቲ ኣብ መጋቢት 3 2018 ዝወዓለ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ሓጂ ሙሳ ዝተቐየደ ትሕተ-ዕድመ ተዛራሪባ ነይራ። ንሱ፡ ምስ ካልኦት ዕድሚኦም ትሕቲ 18 ዓመት ዝኾኑ ቈልዑ እዩ ነይሩ። እቲ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ኣብ ምፍጻሙ ከኣ እዮም፡ ብብዙሓት መካይን ብጅምላ ተገፊፎም ተወሲዶም። ኲላቶም ተማሃሮ ደቂ ኣኽርያ እዮም ነይሮም። ተማሃሮ

ቤት ትምህርቲ ዲያእ ውን ነይሮምዎም እዮም። እቲ ቈልዓ ካብቲ ግዜ እቲ ኣትሒዙ፡ ንብሕቱ እዩ ተሓዪሩ ጸኒሑ። ገለ ካብቶም ቈልው ድሮ ተለቒቖም እዮም። ዛጊት ቍጽሮም ብርግጽ ዘይተረጋገጸ ቈልው ግን፡ ካብቲ ፍጻሜ ኣትሒዞም ጌና ኣብ ቀይዲ ኣለዉ። ወለዶም ድማ ኣብ ሻቕሎት ይርከቡ። ሻቕሎቶም ብደቖም ጥራይ ዘይኰነስ፡ ብሓፈሻ፡ በቶም ጌና ኣብ ብሕትዉ ማእሰርቲ ተቐይዶም ዘለዉ ቈልው። ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ቈልው ክወርድ ዝኽእል ስነ-ኣእምሮኣውን ካልእ ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛን ስክፍታ ኣለዎም።

47. እሱራት ቈልው፡ ኣብ ዝኾነ መአጕሪ ወይ መዳጎኒ ቦታ ብፍሉይ ንጸገማት ዝተቓልዑ እዮም። ስለዝኾነ ድማ፡ ብፍሉይ ዝተማልአ ክንክንን ሓልዮትን የድልዮም። እዚ ድማ ምስቲ ኣብ ውዑል ድሕነትን መሰላትን ቈልው ዝተደንገገ ዝኸይድ እዩ። ምቕያድ ቈልው ኣዝዩ ዘይልሙድ ኩነተ-ኩነት እዩ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ ግን፡ እቲ ናይ ኤርትራ ገበናዊ ሕጊ፡ ኣብ ፍሉይ ኩነታት እንተ-ዘይኰይኑ፡ ቈልው ክቕየዱ የብሎምን ዝብሎ፡ ኣብ ከምዚ ናይ ኣልማማ ማእሰርቲ ቈልው ወጽዓ ንኸይበጽሖም ዝውሰድ ስጕምቲ ኣሎ ዶ፡ ዝብል ሕቶ የለዓዕለል።

48. ኣብ ናይ ኤርትራ መዳጎኒ ማእከላት፡ ብፍላይ ንብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ዘጸግም ሃዋሁ እዩ ዘሎ። እቶም ቦታታት ንፍሉይ ጠለባት ናይ ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ቅዩዳት ንኸማልኡ ዝተዋደዱ ኣይኰኑን። ብቑዕ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ እቲ ዛጊት፡ ቀንዲ ብዕድመ ዝደፍኡ ቅዩዳት ዝደልይዎ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ። ኣብቲ ጽንኩር ሃዋህው ኣብያተ ማእሰርቲ ኤርትራ፡ ንልሙዳት ሕማማት ብኣጋ ምላሽ ዘይምሃብ ሓደ ካብቶም ልሉያት ጸገማት እዩ። ፍልይቲ መርማሪት ከም ዝተገንዘበቶ፡ "ኣብ ኣፍ-ሞት ዝተገማገሙ ቅዩዳት"፡ ዝበዝሕ ግዜ ወይ ንስድራቤታቶም ይርከቡ፡ ወይ ድማ ክሳብ እቲ ኣብ ሓጺር-ግዜ ዘይተርፍ ዕለተ-ሕልፈቶም ዝኣክል ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ይጸንሑ። ከምዚ ዝግበረሉ ምኽንያት ድማ ተሓታቲ ንዘይምኧን እዩ።[9]

49. ተመኲሮ፡ ኣተሓሕዛን ኣቀያይዳን ደቀንስትዮ፡ ካብቲ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ብርኡይ ዝተፈልየ እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ኣመዳድባን ኣተሓሕዛን ደቀንስትዮ ንፍሉይ ጠለባተን ዘማልአ ክኸውንን፡ ወገንነት ድማ ብዝኾነ መልክዑ፡ ዘየእንግድ ምኻኑ ክረጋገጽን ውን ይግባእ። ነቲ ምሉእ ቍጽሪ እሱራት ኤርትራውያን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ቍጽሪ እሱራት ደቀንስትዮ ብዙሕ እኳ እንተ-ዘይኰነ፡ ማዕረ ተኻፊልቲ ናይቲ ዝርካቡ መሳለጥያታትን ኣገልግሎታትን፡ እንኰላይ ክንክን ጥዕና ክኾና ግን ይግባእ።

50. ዓለም-ለኻዊ ሕጊ፡ ኲሎም ሓርነታቶም ዝተነፍጕም (ኣብ ቀይዲ ዝርከቡ) ሰባት፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ ክብሮም ከይተቐንጠጡ ክተሓዙ ይእዝዝ። ቅድሚ ፍርዲ ምቕያድ ድማ ከም ናይ መጨረሽታ ኣማራጽን፡ ኣብ ትሕቲ ውሑስ ኩነታት ዝፍጸምን ክኸውን ይግባእ። ንኣብነት፡ ጥርጡር ካብ መስርሕ ፍርዲ ክኽወል ዝደሊ፥ ኣብ መሰኻኽር ወይ መርትዖታት ኢድ ከእቱ ዝፍትን ወይ ውን ጕነጽ ክጥቀም ዝደሊ ምስ ዝኸውንን፡ እዚ ኹይኑ ውን፡ ነዚኣቶም ንምውጋድ፡ ብዘይካ ምቕያድ ካልእ ኣማራጺ ምስ ዘይህልወካ ይፍጸም።

## 2. ኣብ ማሕቡስ ዘጋጠመ ሞት

51. ኣብቲ ኣዝዩ ዘስካሕክሕን ዝተጨናነቐን ኩነታት መአጕሪ-ማእከላት ኤርትራ፡ ብዙሓት ቅዩዳት ንድንገተኛ ሞት ዝተቓልዑ ምኻኖም ርጉጽ እዩ። ሓደ ሰብ ኣብ ማሕዩር ምስ ዝቕየድ፡ ኲሉ ጉዳያቱ ኣብ ትሕቲ እቲ መንግስቲ ይወድቕ፡ እዚ ማለት ድማ እቲ መንግስቲ ናይ ኲሉ ጕዳያቶም ሓላፍነት ይስከም ማለት እዩ። ስለዝኾነ፡ ኣብ ከምዚ ኣስካሕካሒ ግዜ ናይ ማእሰርቲ፡ ሞት ምስ ዘጋጥም፡ እቲ መንግስቲ ሓላፍነቱ ብዝግባእ ኣይተዋጽአን ማለት እዩ። ብዝሒ ናይቶም ኣብ ቀይዲ እንከለዉ ዝሞቱ ኤርትራውያን ክንድዚ ነይሩ ኢልካ ንምግማት ዝከኣል ኣይኰነን። ንኣባላት ስድራ-ቤቶም ዝወሃብ ሓበሬታ የለን፡ ንኹነታት ኣማውትኦም ኣመልኪቱ ዝግበር ዝተማልአ መጽናዕቲ ውን የለን። ገለ ግዜ፡ ስድራ-ቤታት ብዛዕባ እቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እንከለዉ ሞት ዘጋጥሞም፡ ፍትዋቶም ብወግዒ ዝሕበሩ እኳ እንተ-ዘይኰኑ፡ ብዘይ ወግዓዊ ኣገባብ ዝረኽብዎ ሓበሬታ ግን ኣሎ።

52. ሃብተሚካኤል መኮነን፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ማይ-ስርዋ ክዓርፍ እንከሎ ዕድሚኡ 77 ዓመት ነይሩ። ብ6 መጋቢት 2018 ድማ ኣብታ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ትርከብ ቤት-ማእሰርቲ ማይ-ስርዋ ህይወቱ ሓሊፋ። ንልዕሊ 55 ዓመታት ሰዓቢ መሳኻኽር ጆሆቫ ዝነበረን ኣብ ሓምለ 2008 ድማ ብሰንኪ እምነቱ ኣብ ቀይዲ ዝኣተወ እዩ ነይሩ። እምነቱ ንኽኽሕድ ንዝተገብረሉ ጸቕጢ ን10 ዓመታት ኣቢሉ ነጺግዎ እዩ። ጠንቂ ሕልፈት ህይወቱ ጸገም ኲላሊት ምንባሩ ይጥርጠር።

53. ሰዓብቲ መሰኻኽር ጆሆቫ፡ ፖለቲካዊ ጸግዒ/ሻርነት ኣይንወስድን፡ ከምኡ ውን ኣብ ዕስክርና (ወተሃደራዊ ኣገልግሎት) ኣይንሳተፍን ብምባሎም ካብ 1993 ኣትሒዞም ክጋፍው

[9] A/HRC/29/CRP.1, p. 233.

ጸኒሖም እዮም። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ውን ንኤርትራዊ ዜግነቶም ኣብ ጥቅምቲ 1994 ሰሪዞዎ እዩ።

54. ብ3 መጋቢት 2018፡ ስድራ-ቤት ናይቲ ወዲ 93 ክቡር ኣቦ ሓጂ ሙሳ መሓመድ-ኑር፡ ወላዲኦም ኣብ ቀይዲ ከም ዝዓረፉ ተረዲኦም። ብሃንደበት ንማእሰርቲ ምስ ኣተዉ ንኣስታት ኣርባዕተ ወርሒ ኣቢሎም ኣብ ቀይዲ ጸኒሖም። ሓጂ ሙሳ፡ ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ክሲ ኣይቀረበሎምን፡ ፍርዲ ውን ኣይተዋህቦምን። ከምቲ ዝበሃል፡ ሓጂ ሙሳ ኣብ ባሕቲ መጋቢት ናብ ሓደ መንግስታዊ ሆስፒታል ገጾም እናተወሰደ እንከለዉ እዮም ዓሪፎም። ስድራ-ቤቶም ድማ ድሕሪ ክልተ መዓልትታት ሬስኦም ክወስዱ ተሓቢርዎም። ንኹነታት ኣማውትኦም ዝምልከት ዝኾነ ተወሳኺ መብርሂ ዝተዋህቦም ኣይነበረን።

55. ኣብ ወርሒ ለካቲት 2008፡ ጣሃ መሓመድ-ኑር፡ ምንኣስ ሓዎም ንሓጂ ሙሳ መሓመድ-ኑር፡ ሓደ ካብ መስረቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝኾነ ውን ኣብ ማሕቡስ እንከሎ መይቱ እዩ። ካብ ሕዳር 2005 ኣትሒዙ ድማ እዩ ተኣሲሩ ኔሩ። ሰበ-ስልጣን መንግስቲ፡ ንጠንቂ ሞቱን ኣማውትኡን ኣመልኪቶም ዝሃብዎ ዝኾነ ይኹን መግለጺ ወይ ሓበሬታ ኣይነበረን። ጣሃ መሓመድ-ኑር ውን፡ ክሲ ኣይቀረበሉን ኣብ ቤት-ፍርዲ እውን ኣይቀረበን።

56. ሃይለ ወልደትንሳኤ፡ ሓደ ካብቶም "ብጉጅለ 15" ዝፍለጡ ቅዩዳትን ናይ ኤርትራ ወጻኢ ጉዳያት ምኒስተር ዝነበረን እዩ። ኣብ ወርሒ ጥሪ 2018 ድማ ኣብ ቀይዲ እንከሎ መይቱ ይበሃል። ሬስኡ ብኣርባዕተ ኣባላት ሓለዋ ናይቲ ቤት ማእሰርቲ ምቕባሩ ይእመን። ካብ መስከረም 2001 ኣትሒዙ፥ ብዘይ ዝኾነ ክሲ፡ ንውልቀ ኣብ ናይ ብሕቱ ሼላ እዩ ተኣሲሩ ጸኒሑ። ብዛዕባ ሞቱ ወግዓዊ መረጋገጺ ዝተዋህበ የለን። ኣብ ስደት ዝርከቡ ኣባላት ስድራ-ቤቱ ብዛዕባ ሓቅነት ናይቲ ጉዳይ ንኸረጋግጽሎም ናብ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ምሕጽንታ ኣቕሪቦም ነይሮም። "ጉጅለ 15" ኣብ መስከረም 2001 ዝተቐየዱ ላዕለዎት ፖለቲከኛታት ኰይኖም፡ ካብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ ኣትሒዞም ኣብ ግሉል ቦታ ተቐይዶም ዘለዉ እዮም። ዝበዝሑ ካብኣቶም፡ ኣብ ቀይዲ እንከለዉ ሞይቶም እዮም ተባሂሉ ይእመን።

57. ሃብተሚካኤል ተስፋማርያም፡ 76 ዓመት ዝዕድሚኡ፡ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ማይ-ስርዋ ተባሂሉ ዝፍለጥ ቤት ማእሰርቲ፡ ብ3 ጥሪ 2018 ህይወቱ ሓሊፋ። ን48 ዓመታት ሰዓቢ መሰኻኽር ጅሆቫ ዝነበረ ኰይኑ ብሰንኪ እምነቱ ካብ 2008 ኣትሒዙ ዝተቐየደ እዩ። እምነቱ ንኽኽሕድ ዝቐረበሉ ሓያል ኲነታት ቤት ማእሰርቲ ድማ ንዓሰርተ ዓመታት ኣቢሉ ተጻዊርዎ። ብሰንኪ ሓያል ወቕዒ ምሟቱ ከኣ ይእመን።

58. ሰለሞን ሃብቶም፡ ኣቐዲሙ ተቓላሳይ ንናጽነት ዝነበረ፡ ኣብ 18 ነሓሰ 2017 ኣብቲ ብካርሸሊ ዝፍለጥ ማእሰርቲ ዓሪፉ። ብ10 ሓምለ 2003 ዝተቐየደ ሰለሞን፡ ኣብ መወዳእታ 60ታት ዕድሚኡ ምንባሩ ይንገር። ክሲ ከይቀረበሉ፡ ከምኡ ውን ኣብ ዝኾነ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ከይቀረበ፡ ን14 ዓመታት ተኣሲሩ። እቶም ሰበ-ስልጣናን ንጠንቂ ሞቱ ይኹን ኣማውትኡ ኣመልኪቶም ዝሃብዎ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ኣይነበረን።

59. ሓደ ኣባል ናይተን "ተቐባልነት" ዘይተዋህበን ቤተ-ክርስትያናት ዝኾነ ወንገላዊ ተኸታሊ ክርስትና፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ 2017 ኣብ ቤት ማእሰርቲ እንከሎ ሞይቱ። እቲ ሰብ፡ ኣብ ከውታ ለይቲ፡ ገዛ-ገዛ እናፈተሸካ እግበር ኣብ ዝነበረ ዓፈና፡ ብዘይ ዝኾነ መጸዋዕታ ዝተወሰደ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ኣብ ማእሰርቲ ዝጸንሓሉ ግዜ ድማ ጥዕንኡ ብቐጻሊ ከንቈልቍል ጸኒሑ። ከምቲ ዝበሃል ድማ እቲ እሱር ናብ ሆስፒታል ኣብ ዝውሰደሉ ዝነበረ ግዜ እዩ ዓሪፉ። ዋላ እኳ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይቲ ሞት፡ ብርግጽ እዚ እዩ ክበሃል እንተ-ዘይተኻእለ፡ ንዘይምቹእ ክሊማን ኣሰቃቒ ኲነታት ቤት ማእሰርቲ ምቅልዑን፡ ንምኽንያት ሞቱ ዝዓበየ ግደ ነይርዎ እዩ።

60. እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ኣብ ቀይዲ ዘጋጠሙ ሕልፈታት፡ ናብ ኣቓልቦ ፍልይቲ መርማሪት ዝበጽሑን፡ ንተደጋጋምነት ናይቶም ቅድሚ ሕጂ ብደቂቕ ዝተሰነዱ ተመሳሳልቲ ሕልፈታትን ዘራጉዱ እዮም። እንተኾነ ግን፡ ብዙሓት ካልኦት ዘይተሰነዱ ሕልፈታት ውን ኣለዉ። ኲሉ ኣብ ኣብያተ ማእሰርት ዘጋጠም ድንገታዊ-ሞት ከኣ፡ ብቕጽበት ክምርመር ይግባእ። እቶም ዝካየዱ መርመራታት፥ ግሉጻትን ጸግዒ-ዘይብሎምን ከምኡ ውን ብዕምቈት ክኾኑ ኣለዎም። በቲ ኲነታት ዝተጕድኡ ስድራ-ቤታት መልስታት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ከምኡ ውን እቶም ሓላፍነት ዝወስዱ ብገበኖም ተሓተቲ ክኾኑ ይግባእ። ፍቕሩራቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝሞትዎም ስድራ-ቤታት ውን ናይቲ መጕዳእቶም ካሕሳ ክረኽቡ ግቡእ እዩ።

## 3. ኣብ ዶብ ብዘይ ሕጋዊ-ፍርዲ ዝፍጸም መቕዘፍቲ - "ተኲስካ ናይ ምቕታል" ፖሊሲ

61. ኲነታት ናይቲ ኣብ ዶብ ብዘይ ዝኾነ ሕጋዊ ፍርዲ፡ ብፍኑው ዘጋጥም መቕዘፍቲ ቀጺሉ ኣሎ። ኣብ ሓምለ 2017፡ ሓደ መንእሰይ ዶብ ክሰግር እንክፍትን፡ ኣብ ሓንቲ ኣብ ከባቢ ዶብ እትርከብ ከተማ ብተኹሲ ተቐቲሉ። ብዛዕባ ሞቱ፡ ንስድራ ቤቱ ብወግዒ ዝተሓበሮም ነገር እኳ እንተዘይነበረ፡ ኣዝማዱ ግን ብዛዕባ እቲ ዝገጠሞ ወደቓ ብዘይ ስሩዕ መንገዲ ክፈልጡ ክኢሎም እዮም። ኣበይ ከም ዝተቐብረ ግን፡ ዛጊት ሓበሬታ የብሎምን። ብሰንኪ ሕነ ናይ ምፍዳይ ፍርሂ

ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ ጌና ኣይተረኽበን ዘሎ። ሰባት ዶብ ኣብ ምስጋር ብፍኑው-መንገዲ (ብዘይ ፍርድን ፍትሕን) ምስ ዝርሸኑ፡ እቶም ዝተኮድኡ ስድራ-ቤታት ናይቲ ጕዱእ ወገኖም ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። እቲ ሬሳ እውን ናብ ስድራ-ቤቱ ተሰዲዱ ግቡእ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ክፍጸመሉ ይግባእ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ፍትሒ የድልዮም።

## 4. ሓሳብካ ብናጻ ምግላጽን ናይ ምእካብን ማሕበር ምቛምን መሰል

62. መንግስቲ ኤርትራ፡ ብመንገዲ ናይ ዜና ምኒስተሩ ኣቢሉ፡ ነቲ ኣብ ጥቅምቲ 2017 ዘጋጠመ ተቓውሞ ኣኽርያ፡ ኣብቲ መጀመርታ ከምዘይ-ነበረ ክገልጾ እዩ ፈቲኑ። ጸኒሑ ግን፡ ከም ሓደ "ንእሽቶን ብሓንቲ ኣብ ኣስመራ እትርከብ ንጽልቲ ቤት ትምህርቲ ዝተኻየደ ሰልፍን" ኣምሲሉ ክገልጾ ፈቲኑ።[10] ዋላ እኳ ካብቲ መንግስቲ ዝተዋህበ ወግዓዊ ሓበሬታ እንተ-ዘይሃለወ፤ ኣብ ጥቅምቲ 2017 ኣብ ዝነበረ ፍጻመን ጸኒሑ ዝሰዓበ ናይ መጋቢት 2018 ፍጻመን ብዙሓት ተቐይዶም እዮም። ቍጽሪ ናይቶም ብኣባላት ጸጥታ ናይቲ ስርዓት ዝተፈጸመ ጕነጽ ተጐዲኦም ሕክምና ዝደለዩ ሰባት ውን ናብ ኣማኢት ዓሪጉ እዩ።

63. ኣብ ጥቅምቲ 2017፡ ተቓውሞታት ኣኽሪያ ድሕሪ ምግጣሙ፡ ናይ መራኸቢ-መስመራት "ጃም" ኣትዩዎም ነይሩ። ኣብ ገለ ከተማታት ኣገልግሎት ኢንተርነት ጠቕሊሉ ተቛሪጹ፡ መስመር ቴለፎን ውን ብተመሳሳሊ።

64. ብዛዕባ ዝኾነ እቲ መንግስቲ ከም ነቐፊታ ክቝጽሮ ዝኽእል ጉዳይ፡ ንዝርዝራት ማእሰርትን ምቕያድ ቤተ-ሰብን ዝምልከት ሓበሬታ ናይ ምዝርጋሕ ከቢድ ፍርሒ ከም ቀደሙ ልዑል ኣሎ።

65. ሓመድ-ሓፋሽ ኣልሚምካ ምቕያድ ራዕዲ ንምእታው ተባሂሉ ዝግበር እዩ። ሰብ፡ ሰብኣዊ መሰሉ እናተቐንጠጠ ተቓውሞ ይኹን ናዕቢ ንኸየርኢ ንምድቓስ ውን ሓጊዙ። ሰለማዊ ሰልፈኛታት ንኸይትኣኻኸቡ ውን የገልግል። ኣብ ጥቅምቲ 2017 ኣብ ዝነበረ ምቕያድ፡ እቶም ናይ ምሊታሪ/ናይ ጸጥታ ሓይልታት፡ ጠያይት ተኲሶምን ዘይተኣደነ ጕነጽ ውን ተጠቒሞምን እዮም። ብተመሳሳሊ፡ ኣብቲ ብዕለት 3 መጋቢት ዝወዓለ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ሓጂ ሙሳ፡ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብቲ ቀብሪ ንኽሳተፉ ዝደፈሩ ሕሱም መቕጻዕቲ ወሲዱ እዩ፡ ኣማኢት ድማ ኣሲሩ።

66. ዛጊት ሓራን ነጻን ዝኾነ ጸብጻብ ብዛዕባ እቲ ኩነታት፡ ካብ ውሽጢ እታ ሃገር ዝወጽእ የልቦን። ኣብ ኤርትራ፡ ተኣፋፊ ሓበሬታ ምክፋል፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ከምዚ ስነ-ስርዓት ቀብሪ ናይ ሓጂ ሙሳ ኣብ ኣኽሪያ ዘጋጠመ ፍጻመ፡ ከቢድ ቁጽጽርን ዓፈናን ይግበረሉ።

67. መዐቀኒ ዓለም-ለኻዊ ሰብኣዊ መሰላት፡ እንኮላይ ኤርትራ ውን ክትከተሎ ዝግብኣ፡ ዓለም-ለኻዊ ውዑል ሲቪላውን ፖለቲካውን መሰላት ከምኡ ውን ኣፍሪቃዊ ቻርተር ኣብ ሰብኣዊ መሰላት፡ ሰበ-ስልጣናት ኤርትራ፡ መሰላት ሓሳብካ ምግላጽን ብሰለማዊ መንገዲ ምእካብን ከኽብሩ ይእዝዙ። ሰበ-ስልጣን ኤርትራ፡ ነቶም ሓሳባቶም ብምግላጾምን ሰለማዊ ሰልፊ ብምውጽኦምን ጥራይ ተቐይዶም ዘለዉ ሰባት፡ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነትን ብቕጽበትን ክፈትሕዎም ይግባእ።

## 5. ኣብ ሃይማኖት ዝተመርኮሰ በደላት

68. ሰዓብቲ ናይተን እቲ ስርዓት ኣፍልጦ-ዝሃበን[11] ኣፍልጦ-ዘይሃበን ሃይማኖታት[12] ብሰንኪ እምነታቶም ተጠቃዕቲ ካብ ምዃን ኣይደሓኑን። እቲ ግፍዒ ውን ቀጺሉ እዩ። ሃይማኖት ኣመኽኒኻ ዝግበር ቀይድን ማእሰርትን፡ ኣብ ምሉእ ናይቲ ተገምጊሙ ዘሎ ዓመት ቀጺሉ እዩ። ዋላ እኳ ማእሰርቲ ናይቶም እቲ ስርዓት ዘይቅበለን እምነታት ዝለዓለ እንተ-ነበረ፡ ሰዓብቲ ናይተን በቲ ስርዓት "ቅቡላት" ዝኾና ሃይማኖታት ውን ተኣሲሮም እዮም።

69. ፓትርያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን፡ ኣቡነ ኣንጠንዮስ፡ ካብ 2007 ኣትሒዞም ኣብ ናይ ገዛ-ማሕዩር እርከቡ ኣለዉ። ኣብ 16 ሓምለ፡ 2017 ኣቡነ ኣንጠንዮስ ኣብቲ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ድሕሪ ሓደ ቅዳሰ ከም ዝመጹ ተገይሩ ነበረ። ድሕሪ ናይ 2007 ማሕዩር ድማ ንመእመናን ዝተራእዩሉ ናይ መጀመርታ ግዜ እዩ። ከምቲ ዝግመት፡ ብናይ ጸጥታ ሓይልታት ተኸቢቦም ምንባሮምን ኣብ ዝኾነ ኣገልግሎት ከምዘይተሳተፉን ምስ ዝኾነ ሰብ ውን ኣይተዛረቡን። ከምቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ከኣ፡ ካብቲ ኣቐዲሞም ተታሒዞምሉ ዝነበሩ ቦታ ናብ ካልእ ዝተፈልየ ቦታ ከም ዝተወስዱ እዩ።

[10] Tweet by Mr. Yemane Gebremeskel on 31 October 2017 available at https://twitter.com/hawelti/status/925451372581015552.

[11] Eritrean Orthodox Church, Catholic Church, Lutheran Evangelical Church and Sunni Islam.

[12] Baptist, Evangelical and Pentecostal Churches, Jehovah's Witnesses, among others.

70. ኣብቲ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ዝበጽሕሉ ህሞት፡ ኣብ መንጐ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያንን መንግስትን ዕርቂ ምግባሩ ንምእንፋት ሓሳብ እትህብ ደብዳቤ ተነቢባ ነይራ። ኣቡነ ኣንጦንዮስ ድማ ካብ ስልጣኖም ንኽወርዱ ተኣዚዞም፡ ኣብ ክንድኦም ከኣ ካልእ ሰብ ክቕባእ ተነጊርዎም። እቶም ኣቡን ነዚ ስለ ዝነጸግዎ፡ ናብ ማሕዩር ተመሊሶም። ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ ሓለዋ ድማ ይርከቡ። ኣቡነ ኣንጦንዮስ፡ ዕድመኦም ልዕሊ 90 ዓመት ኣብ ልዕሊ ምዃኑ፡ ብብርቱዕ ሕማማት ሽኰርያን ጸቕጢ ደምን ዝሳቐዩ ኣቦ እዮም። ኵነታት ጥዕንኦምን፡ ዝኣክል ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝረኽቡ ብዛዕባ ምህላዎምን ሻቕሎት ኣሎ።

71. ብተወሳኺ፡ ኣብ ቤተ-ክርስትያን እንዳ ማርያም ትርከብ ቤት ትምህርቲ ኦርቶዶክስ ተዓጽያን ተማሃሮኣ ናብ መንግስታዊ ኣብያተ-ትምህርቲ ክኸዱ ተኣዚዞምን። ከም ዝበሃል፡ ኣቕሽቲ ውን ተኣሲሮም እዮም። ተፈቲሖም ድዮም ወይስ ኣይፋል ግን ዛጊት ዝተፈልጠ የለን።

72. ንጥፈታት ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ኤርትራ ውን ተሓናኹሉ እዩ። እቲ መንግስቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንእትርከብ ቤትምህርቲ ዘርኣ ክህነት (ሰሚናሪ) ጥቅምቲ 2017 ዓጽዩዋ። ኣብ መስርሕ ምዕጻው እታ ትካል ሓንቲ ድንግልን ሓደ ካህንን ካቶሊካውያን ተቐዪዶም ንሓያሎ ኣዋርሕ ተኣሲሮም። ካልኦት ዓይነታት በደላት ዘርኣ ክህነት፡ ደናግል፡ ካህናትን ካልኦት ሃይማኖታዊ ኣካላትን ንላዕለዋይ ትምህርቲ ንወጻኢ ንከይከዱ ምኽልካል የጠቓልል። ብተወሳኺ፡ ናይ ቤተክርስትያን ላዕለዎት ሃይማኖታውያን ሰባት ኣኼባታት ንምስታፍ ኮነ ነንዝዛመድዎም ማሕበራት ምእመናን ንምብጻሕ ናብታ ሃገር ዘእቱ ቪዛ ኣይረኽቡን።

73. ብዘይካይ እዚ ውን ሰበስልጣን መንግስቲ፡ ካብተን መንግስቲ ዘቑመን ትካላት ጥዕና ዝተፈልያ ኣይኮናን ብዝብል ምኽንያት ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኣብ ደቀምሓረ፡ መንደፈራን ጻሮናን ዝነበራ ሓዊስካ፡ ብካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዝእለያ ዝነበራ ሓሙሽተ ክሊኒካት ዓጽዮም። ንመዕጸዊ እዘን ትካላት ከም ምኽንያት ዝበሃል ግን ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን ዘርኣ ክህነት፡ መንእሰያት ካህናትን ደናግልን ኣብቲ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክምዝገቡ ስለ ዘይተፍቅድ እዩ።

74. ፍልይቲ መርማሪት፡ ኣብ መጀመርታ እዚ ዓመት ካበየናይ ቤተክርስታያን ምዃኖም ዘይተፈልጡ ብውሕዱ ክልተ ኣቕሽቲ (ፓስተራት) ብምኽንያት ምስኣን ጥዕና ከም ዝተፈትሑ ሓበሬታ በጺሑዋ እዩ።

75. ንናጽነት እምነት ዝምልከት፡ ኮሚሽን ምምርማር ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ናጽነት እምነት ዝተካየዱ ዝተፈላለዩ መጥቃዕቲታት ብወዝቢ ዝተገብሩ ሃይማኖታዊ በደላት ዘይኮኑስ፡ እኳ ደኣ ኣፍልጦ ንዘይተዋህቦም እምነታት ንምውጋድ ኮነ ኢልካ ውጥን ካብ ዝተገብረሎም ክፋላት ፖሊሲ መንግስቲ ምዃኖም እዩ ደምዲሙ። ኣብ ርእሲ እዚ ዝተባህለ ፍልይቲ መርማሪት ክትውስኾ ትደሊ፡ እዞም ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተፈጸሙ ግህሰታት ነቶም ፍሉጣት ዝኾኑ እምነታት ውን ዝያዳ ምቁጽጻር ንምግባር ዝዓለሙ እዮም።

## B. ዕግበት ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት

76. ኣብ ኤርትራ፡ ቁጠባዊ ኩነታት ኣብታ ዝሓለፈት ዓመት ዝያዳ እዩ ኣንቈልቍሉ፡ እዚ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ኩነታትን ምስትምቓር ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን መሰላትን ኤርትራውያን ከቢድ ሳዕቤናት ነይሩዎ። ብዛዕባ ከቢድ ጉድለት ኣመጋግባን ረሃብን ዘሎ ስክፍታ ብፍልይቲ መርማሪት ብተደጋጋሚ ተላዒሉ እዩ። እዞም ብሕታዊ ጸብጻባት ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካላት ሓዊስካ ንህዝቢ ቅሉዕ ብዝኾነ ሓበሬታታት ዝተደገፉ እዮም።

77. ብሓፈሻ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ዘተኣማምን ጸብጻብን ስታቲስቲክስን ምክትታል ሰብኣዊ ኩነታት ኣብታ ሃገር ንዝርከባ ቀንዲ ትካላት፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካላት ውን ሓዊስካ፡ ከቢድ እዩ ዝመስል። ትካል ማዕከን ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (UNICEF) ከም ዘስፈሮ፡ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ኩነታት ቈልዑን ደቀንስትዮን ቅኑዕ ግምገማ ኣብ ምግባር ሕጽረት ሓድሽ ሓበሬታ ቀንዲ ብድሆ እዩ።[13] ናይቲ ትካል ናይ 2018 ምሕጽንታ “ሰብኣዊ ተግባር ንቖልዑ - Humanitarian Action for Children” ሓደ መብርሂ እዩ። ኤርትራ እንኮ ካብተን 32 ሃገራት UNICEF ኣብ 2018 ኣብ ክንድአን ውልቃዊ ጻውዒት ዘቕረበለን እሞ ሓገዝ ዘድልዮም ህጻናት ሓዊስካ ንጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ዝምልከት ኣሃዝ ክቕርብ ዘይከኣለላ ሃገር እያ።[14]

78. ንፍልይቲ መርማሪት ሓበሬታ ዘስነቑ ሰባት፡ ስድራቤታቶም ብዛዕባ ዘጋጥሞም ጉድለት ኣመጋግባን ረሃብን ስክፍታታት ከም ዘለዎም ኣብሪሆም። እዞም ስክፍታታት ብናይ ውድብ

[13] UNICEF, Humanitarian Situation Report on Eritrea, December 2017.

[14] እቲ ጻውዒት ኣብዚ ዝስዕብ መላግቦ ይርከብ፡ https://www.unicef.org/appeals/eritrea.html.

ሕርሻን መግብን ትካል ዓለማዊ ሓበሬታን ስርዓት ቅድመ-መጠንቀቕታን - FAO’s Global Information and Early Warning System (GIEWS) ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 2018 ብዘሐደሶ ሓበሬታ ተረጋጊጾም እዮም። ብመሰረት እዚ፡ ብሰንኪ ካብ ክፍላ ሓምለ ክሳብ መጀመርታ ነሓሰ ዝነበረ ድሩቕ ወቕቲ ዘስዓቦ ኣብ ልዕሊ ዘራእቲ ዝወረደ ሃስያ፡ ፍርያት ምህርቲ 2017 ውን ትሕቲ ማእከላይ ገምጋም እዩ ነይሩ። ድርቂ ቀንዲ ጠንቂ ትሑት ፍርያት ምህርቲ ምኽንያት ውድብ ሕርሻን መግብን ይሕብር።[15] ንኣብነት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንሱራ 13, 500፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞጎሎ ድማ 9, 900 ሄክታር መሬት ተዘሪኡ ዝነበረ ኣዝርእቲ ብዘይ ፍረ ስለዝሃጐጐ፡ ኣብ ልዕሊ ውሕስነት መግቢን ንናይ 2018 ወቕቲ ዝኸውን ኣዝርእቲን ሓደገኛ ሳዕቤን እዩ ኣውሪዱ። ኣብቲ ከባቢ፡ እቲ ናይ ድርቂ ኩነታት ናይ መገሃጫን ማይን ሕጽረት ብምፍጣር ዕብራን ጥሪት ስለዘኸተለ፡ ኣብ ልዕሊ ምርባሕ ጥሪት ውን ከቢድ ሃስያ እዩ ኣውሪዱ። ንገማግም ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣመልኪቱ ውድብ ሕርሻን መግብን ከም ዘመልከቶ ስገም፣ ስርናይን ብልቱግን ብሰንኪ እቲ ድርቂ ምሉእ ብምሉእ ክሃጉ ከለዉ፡ 80 ካብ ሚእቲ ናይ ዝተዘርአ መሽላ ድማ ኣይፈረየን።

79. ብመሰረት እዚ፡ ጸብጻብ ኤርትራ ኣብ ናይ ውድብ ሕርሻን መግብን መዝገብ ኣብ ሓደገኛ ኩነታት ዝርከባ እሞ ናይ መግቢ ናይ ግዳም ሓገዝ ዘድልየን 29 ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት፡ ዝኾነ ኣሃዝ ከየቕረበ ናይ ኤርትራ ቅልውላው ምስ ሓፈሻዊ ሕጽረት መግቢ ዝዛመድ ከም ዝመስል ይሕብር።[16]

80. ማዕከን ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብቲ ናይ 2018 ምሕጽንታኡ “ሰብኣዊ ተግባር ንቖልዑ” ውን ብዛዕባ ጽልዋ ተደጋጋሚ ድርቂ ዘለዎ ሻቕሎት ኣልዒሉዎ እዩ። እቲ ድርቂ ብፍላይ ነቲ ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝቢ ዝጸሉ ኮይኑ፡ ትሕቲ 50 ሚእታዊት ካብ ስድራቤታት ጽሬቱ ዝተሓለወ ዝስተ ማይ ክረኽባ ከለዋ፡ 28 ሜእታዊት ጥራይ ከኣ ዝሓሸ ናይ ጽሬት ኣቕርቦት ይረኽባ። ማዕከን ህጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብመሰረት ካብ ኑትሪሽን ሰንቲነል ሳይት ሰርቨይለንስ ሲስተም (Nutrition Sentinel Site Surveillance System) ዝረኸቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ኣብ ኣርባዕተ ካብተን ሽዱሽተ ዞባታት እታ ሃገር ጉድለት ኣመጋግባ እናንቀልቈለ ከም ዝመጽአ ስክፍታኡ ይገልጽ። ኣብ 2018 ትሕቲ 5 ዓመት ካብ ዝኾኑ 23, 000 ቈልዑ ክንክን ናይ ጽኑዕ ዝኾነ ጉድለት ኣመጋግባ ከድልዮም ምኽኣ ድማ ይግምት።

81. ልምዓት ባንክ ኣፍሪቃ (ADB) ውን ኣብቲ ናይ 2018 “ቁጠባዊ ራእይ ኣፍሪቃ” ዝብል ጽሑፉ፡ ምስ ድርቂ ብዛዕባ ዝተኣሳሰሩ ጽልዋታት ዘለዎ ስግኣት ኣብሪሁ እዩ።[17] ልምዓት ባንክ ኣፍሪቃ ኣብ 2017 ወሲኹ ከም ዘመልከቶ፡ ብሰንኪ ምንቁልቋል ቁጠባዊ ንጥፈታትን ድኹም ኩነታት ኣየር ዘስዓቦ ብኣሉታ ዝተጸልወ ሕርሻዊ እቶታውነትን፡ ቁጠባ ኤርትራ ካብ ትጽቢት ዝተነብረሉ ንታሕቲ እዩ ዛሕቲሉ።

82. እዚ ጸብጻብ ይዳለወሉ ክሳብ ዝነበረ እዋን፡ ሰባት ወርሓዊ ካብ ናይ ባንክ ሕሳባቶም ከውጽኡዎ ዝኽእሉ ገደባት መጠን ገንዘብ ከም ዝነበሮ 5, 000 ናቕፋ ጥራይ ኮይኑ እዩ ቀጺሉ። መንግስቲ ነቲ ዝኣረገ ባጤራ ናቕፋ ብሓድሽ ክትክኦ ምስ ወሰነ፡ እዞም ገደባት ኣብ ሕዳር 2015 ምልዋጥ ባጤራ ናቕፋ ብዝብል ምኽንያት እዮም ተኣታቲዮም። እዞም ናይ ገንዘብ ምውጻእ ገደባት ቁጠባዊ ንጥፈት ብምሕንኳል፡ ኣብ ልዕሊ ሃዋህው ዋኒን ኣሉታዊ ጽልዋ ኣበርኪቶም። ናይ ዓለማዊ ባንክ ናይ 2018 “ምክያድ ዋኒን” (Doing Business) ጸብጻብ ከም ዘብርሆ፡ ናይታ ሃገር ዘይማርኽ ናይ ዋኒን ሃዋህው ቁጠባዊ ግምገማ ካብ ዝተገብረለን 190 ሃገራት፡ ኤርትራ መበል 189 ተርታ ሒዛ ትርከብ።[18]

83. ፍልይቲ መርማሪት ኣብዚ ናይ ጸብጻብ ግዜ ብዙሓት ንኣሽቱ ዋኒን-ትካላት ከም ዝተዓጽዋ ሓበሬታ ተቐቢላ። ብመሰረቱ፡ እቶም ትካላቶም ዝተዓጽዎም ወነንቲ ኣብያተ-ሻሂ፣ ኣብያተ-መግቢ፣ ሆቴላት፣ ሲነማታት፣ ፋርማሲታት፣ እንዳ ስእሊ፣ ኣብያተ-ዕዮን መሸጣ ክዳውንትን ከምኡ ውን ሰራሕተኛታቶምን ስድራ ቤታቶምን መተሓዳደሪኦምን እዮም ተነፊጎም። ከም ዝበሃል፡ ካብ ሕዳር 2017 ኣትሒዙ ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን (ከም በዓል ከረን) ኣስታት 300 ዝኾና ዋኒን-ትካላት እየን ተዓጽየን። መብዛሕቲኦም በቲ ስጉምቲ ዝተጸለዉ ወነንቲ ትካላት፡ ምኽንያታት መዕጸዊ ትካላቶም ብወግዒ ዘይተሓበሩ እኳ እንተኾኑ፡ ናይ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር ሓበሬታ ብዘለዎ ትካላቶም ብለይቲ “ተዓሺጉ” ብዝብል ወረቓቕቲ ብኮላ ተለጢፉ እዩ ጸኒሑዎም።

15 FAO, GIEWS Country Brief Eritrea, 6 April 2018.

16 Available at http://www.fao.org/giews/country-analysis/map/en/?action=360238-

17 African Development Bank, African Economic Outlook, Eritrea, 2018, p.143.

18 World Bank’s 2018 Doing Business report, available at http://www.doingbusiness.org/data/exploreeconomies/eritrea.

### 1. ምርካብ ንምኽፋሉ ርትዓዊ ዝኾነ እኹል መንበሪ ኣባይቲ

84. ሚኒስተር መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣቶ ተስፋይ ገብረስላሰ ብ10 ግንቦት 2018 ምስ ኤሪ ቲቪ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ብዛዕባ ዘፍረሱዎ ብዝሒ ኣባይቲ ዝርዝር ሂቡ። እቶም ኣባይቲ "ብዘይሓጋዊ" ኣገባብ ዝተሰርሑ ወይ ከኣ "ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝተሸጡ" እዮም ነይሮም ዝብል ምጉት ድማ ኣቕሪቡ።[19] ኣብ ኣርባዕተ ዞባታት ብጠቕላላ 2, 398 ኣባይቲ እዮም ፈሪሶም፤ ኣብ ዞባ ማእከል 1, 490፡ ዞባ ደቡብ 444፡ ዞባ ጋሽ ባርካ 403፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ድማ 61። ፍልይቲ መርማሪትን መርማሪት ኮሚሽንን ኣብ 2015ን 2016ን ዝተፈጸሙ ምዕናው ኣባይቲ ጸብጺበን ነይረን እየን። እቲ መንግስቲ፡ ምፍራስ ኣባይቲ ክቕጽሎ ይህቅን ድዩ ኣይፋል ንጹር ኣይኮነን።

85. ነፍሲ ወከፍ ገዛ ብገምጋም ሽዱሽተ ሰባት ይነብሩዋ እንተነይሮም፡ ጠቕላላ ቤት ኣልቦ ዝኾኑ ሰባት 14, 388 ይበጽሑ ማለት እዩ። እዚ ኣሃዝ ቁልዑ፣ ኣንስትን ሽማግለታትን የጠቓልል። እዞም ኣባይቶም ዝፈረሶም ሰባት ናይ ትምህርቲ፣ ኣገልግሎት ጥዕና፣ ማይን ጽሬትን ሓዊስካ ንተወሰኽቲ ግህሰታት መሰረታውያን ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን መሰላት ተቓሊዖም ይርከቡ።

86. ሰብኣዊ ክስራ ናይ እዞም ምዕናዋት፡ ነቲ ድሮ ኣብ ከተማታት ብፍላይ ከኣ ኣስመራ ዝጸንሐ ከቢድ ሕጽረት እኹል መንበሪ ኣባይቲ ብምግዳድ፡ ዓቢ ጸገም እዩ ኮይኑ ዘሎ። እቲ ክሳራ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፣ (1) ምዝራግ ስድራቤታዊ ህይወት፣ (2) ናይ ቁልዑ ምንክልላእ ትምህርቲ፡ ኣብ ገሊኡ ኣጋታሚታት ውን ጠሪስካ ካብ ትምህርቲ ምቁራጽ፣ (3) ዝያዳ ንድየትን ምብዳምን ምሉእ ዕምሮም ዘጥረዩዎ ወፍሪ፣ ከምኡ'ውን (4) ምምዝባል።

87. ፍልይቲ መርማሪት፡ ኣብ ሓሊበትን ሰምበልን ፕሮጀክትታት ኣባይቲ ከም ዘለዉን፡ ዋጋ ሓደ ኣፓርታማ ካብ 20, 000 ክሳብ 75, 000 ናይ ኣመሪካ ዶላር፡ ዋጋ ሓደ ገዛ ከኣ ካብ 80, 000 ክሳብ 130, 000 ናይ ኣመሪካ ዶላር ከም ዝበጽሕን ሓበሬታ ኣለዋ። እዚ ግን ዓቕሚ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ኣይኮነን። ከም ዝበሃል፡ መበገሲ ደሞዝ ሓደ ክቱብ ወተሃደር/ሃገራዊ ኣገልግሎት ንወርሒ 450 ናቕፋ፡ ማለት ኣስታት 30 ዶላር ኣመሪካ እዩ። ንዝበዝሑ ኤርትራውያን ዝኸውን ርትዓዊ ዝዋግኡ ፕሮጀክት ኣባይቲ ምህላዉ ዝሕብር ሓበሬታ የለን።

88. ኣባይቶም ዝፈርሰሎም ሰባት ኣብ ኣብያተ-ፍርዲ ቀሪቦም ክከራኸሩሉ ዝኽእሉ ዕድል ኮነ ንጥርዓኖም ጸግዒ ክኾኖም ዝኽእል ኣገባብ የለን። ብመሰረት እቲ ሚኒስተር ዝበሎ፡ ናብ ዝቐመ ሓይሊ ዕማም ክኸዱ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ግን ባዕሉ ከም ዝበሎ "እቲ ሓይሊ ዕማም (ህዝቢ) ክርድኦ ዝኽእል ስጉምቲ ወሲኑ እዩ፡ ንሱ ከኣ እቶም ምዕናዋት እዮም"።

89. ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ምፍራስ ኣባይቲ እኹል መዕቀቢ ምስ ተቐረበን ነቶም ንኽዓንዉ ዝተጸንዑ ግቡእ ምምኽኻር ተኻፊዱ ኣማራጺታት ምስ ተረኽቡን ጥራሕ እዩ ክትግበር ዝግብኦ። እቶም በቲ ኩነታት ዝጽለዉ ኣብ ሃገራዊን ኮማዊን ደረጃታት መስርሕ ምውሳን ናይ ምስታፍ መሰል ኣለዎም።[20] መሰል ንእኹል መንበሪ ኣባይቲ ከም ዘመልክቶ፡ ነዚ መሰል ንምምላእ መንግስቲ ጭቡጥ፡ ጥንቁቕን ንጹር ዕላማ ዘለዎን ስጉምቲ ክወስድ ይግብኦ። ኤርትራ ከም ኣባል ኣህጉራዊ ውዕል ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊን ባህላዊን መሰላት መጠን፡ ብውሕዱ ነቶም መሰረታውያን ደረጃታት ናይዚ መሰል ከተውሕስ ይግባኣ። ንኣብነት፡ ትርጉም ዘለዎ ብዝሒ መሰረታዊ መዕቀብን መንበሪ ቤትን ከም ዘይተኸልከሉ ከተረጋግጽ ይግባኣ።[21] ናይ ኤርትራ 3.5 ሚልዮን ብዝሒ ህዝቢ ኣብ ግምት ብምእታው፡ 14, 388 ብዙሕ ቁጽሪ እዩ። ብተወሳኺ፡ ሓንቲ ሃገር ስጉምቲ ክትወስድ ከላ ሳዕቤኑ ንሰባት ዘጕሳቑል፡ ብቑዕ መንበሪ ኣባይቲ ናይ ምርካብ ውሕስነት መሰሎም ዘዳኽም እንተኾይኑ፡ እታ ሃገር ንኹሎም እቶም ዘለዉ ተኽእሎታት ብዓቢ ጥንቓቐ ከም ዝመዘነቶምን ናይቲ ዝበሃል ዘሎ ስጉምቲ ሓፈሻዊ ጽልውኡ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ግምት ከም ዘእተወቶም ከተርእን ነዞም ስጉምቲታት ንምእላይ ዘሎ ጸጋታት ብምልኣት ከም ዝተጠቀመትን ከተብርህ ክትክእል ኣለዋ።

### 2. ምምናዝዕ መሬትን ዝዓነወ መነባብሮን

90. ሰበኽ-ሳግማዊ፡ ብቑጽሪ ውሑድ (minority)፡ ጥሪቱ ንምንባይ ድማ ኣብ ልምዳዊ መበቀላዊ መሬቱ ዝምርኮስ ህዝቢ ዓፋር፡ ካብ መሬቱ ብሓይሊ ክለቅቕ ከም ዝተገብረ፡ መርማሪት ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ሰኒዳ እያ። ብመሰረት ንፍልይቲ መርማሪት ዝበጽሓ ጸብጻብ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብንጥፈት ዝኽተሎ ፖሊሲ መሬት ቀጺሉዎ ይርከብ። እቲ

---

[19] See https://www.youtube.com/watch?v=N-8PaQNcLW4.

[20] UN Habitat, The right to adequate housing, Factsheet No 21 (Rev1), p. 3, available at http://www.ohchr.org/Documents/Publications/FS21_rev_1_Housing_en.pdf.

[21] UN Habitat, The right to adequate housing, Factsheet No 21 (Rev1), p. 31.

ፖሊሲ ደቀባትን ውሑዳንን ካብ ዝነብሩሉ መሬት ብሓይሊ ምምዝባልን ነቲ መሬት ምውሳድን ሕጋዊ ዝገብር እዩ። እዚ ናይ መሬት ፖሊሲ ብኢዶ ወነንካን መከሓሓሲ ከይሃብካን ሰባት ካብ መሬቶም ናብ ምልቃቕ እዩ ኣምሪሑ። ፍልይቲ መርማርቲ ከም ዝተሓበረቶ፣ እዚ ካብ መሬትካ ናይ ምስጓጕ ተግባር ብፍላይ ኣብ ከባቢ ዓሰብ ቀጺሉ እዩ። ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ወደብ ዓሰብ መበቀላዊ ቦታ ናይ ዓፋር እዩ።

91. ተቈጻጻሪት ጉጅለ ሶማልያን ኤርትራን ኣብቲ ዳሕረዋይ ናይ 2017 ጸብጻባ፣ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ኣብ ዓሰብ ወተሃደራዊ መደበር ዝያዳ ተስፍሕ ከምዘላ ገሊጻ። ምህናጽ ነባሪ ትሕተ-ቅርጺን መሳለጥያታትን ኣብ ዙርያ መዓርፎ ነፈርትን፣ ኣብ ጥቓቲ መዓርፎ ነፈርቲ ውን ናይ ወደብ መሳለጢ ይቕጽል ከም ዘሎ ኣስፊሩ። ኣብ መንጎ እቲ መዕርፎ ነፈርትን ናይ ወደብ መሳለጥያታትን ቀጻሊ ህላወ ታንክታትን ከቢድ ብረትን ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከም ዘሎ ውን ኣመልኪታ።[22]

92. ብመሰረት ዝተረኸበ ሓበሬታ፣ ጻዕርታት ህዝቢ ዓፋር እቲ ወተሃደራዊ መደበር ኣብ ዓሰብ ክስራሕ ከሎ ዝተወስደሎም ልምዳዊ መሬቶም ኣምሳያኡ ክወሃቦም ዝሓተቱዎ ካሕሳ ተዓምጺጹ እዩ ተሪፉ። መራሕቲ ህዝቢ ዓፋር ብዛዕባ ዝተወስደሎም መሬት፣ ናይ ጨው መዐደኒታትን ናይ መግፈፊ ዓሳ ቦታታትን ክጥቀሙሉ ዘይምኽኣሎምን ምስ ጠርዑ፣ ከምኡ ዝኣመስለ ጥርዓናት ዳጋማይ ካብ ምቕራብ ክቍጠቡ እዮም መጠንቀቕታ ተዋሂቦም። ክሳብ ሕጂ፣ ማሕበረ-ሰብ ዓፋር ናብ ምምሕዳር እቲ ከባቢ ዘቕረቦ ጥርዓን መልሲ ኣይተዋህቦን፣ ዝተዋህበ ካሕሳ ውን የለን። ብዙሓት ኣባላት ናይተን ኣስታት 2, 000 ኣቢለን ዝኾና ዝምልከተን ስድራቤታት ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ተሰዲደን ኣለዋ።

93. ብተወሳኺ፣ ፍልይቲ መርማሪት፣ ኣብ ልዕሊ ብቑጽሪ ውሑዳት ዝኾኑ (minority) ኣባላት ብሄረ ኩናማ ዝወረደ ናይ ምፍንቓል ጸብጻብ ውን ተቐቢላ። መርማሪት ኮምሽን ከም ዝጸብጸቦ፣ ብልምዲ ውሑዳን ብሄራት ኣብ ዝነብርሉ ከባቢ፣ መንግስቲ ካልኦት ህዝቢ ከስፍረሉ ጸኒሑ እዩ። ብልምዲ ኩናማ ኣብ ዝነብሩሉ ከባቢ ውን እዚ ጸገም እዚ ቀጻሊ የጋጥም ኣሎ። ብሰሪ ብኩራት ልዕልና ሕግን ስእነት ናጻ ኣብያተ ፍርድን፣ ተበዲልና ዝብሉ ኣካላት፣ ንምውሳኔታት ክቃወሙ ወይ ውን ካሕሳ ክሓቱ ዕድል ስለ ዘይብሎም፣ ፍልይቲ መርማሪት ስክፍታኣ ትገልጽ።.

# III. ወጽዓ ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባን ስደተኛታትን

94. ናይ ሕቡራት ሃገራት ተጸዋዒ ስደተኛታ ኣብ ታሕሳስ 2017 ከም ዝሓበሮ፣ 300, 000 ሽሕ ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ተዓቍቦም ኣለው። ኣብ ሱዳን ዘለዉ 112, 000 ኤርትራዉያን ስደተኛታትን፣ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ 164, 668 ኤርትራውያን ስደተኛታን ዘጠቓለለ ቁጽሪ እዩ። ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሓተቲ ዑቕባ ድማ ወርሓዊ ይውሕዙ።

95. ኣብ 2017 ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳን ከባቢኣንን 706, 913 ሓተቲ ዑቕባ ኣእንጊደን። ኤርትራ ሓንቲ ካብተን 10 ዝለዓለ ቁጽሪ ሓተቲ ዑቕባ ዝነበረን ሃገራት እያ። ብኣጠቓላሊ፣ 28, 049 ዜጋታት ኤርትራ ናይ ዑቕባ ሕቶ ኣቕሪቦም። ካብቲ ናይ 2016 ብ11, 000 ይጎድል። ኣብ ሓጋይ ልዕል ዝበለ ቁጽሪ ተራእዩ። እቲ ዝበዝሐ ኣብ መስከረም ዝቐረበ 3, 183 ጠለባት እዩ። ዳርጋ 7 ሚእታዊ ኣቢሎም ዝኾኑ ኣላዪ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ኤርትራውያን እዮም። ካብቶም ኣዝዮም ጽጉማት ዝበሃሉ ጉጅለ ሓተትቲ ዑቕባ፣ ኤርትራውያን ኣብ መበል ሳልሳይ ደረጃ ተሰሪዖም።[23]

96. ሰበ-ስልጣን ኤርትራ፣ ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ንዝዕድመኦም ህጻናት ቪዛ ከም ዘይሀቡ ፍልይቲ መርማሪት በጺሓቶ ኣላ። ስለ ዝኾነ፣ ደቀም ንምውጻእ ስድራ-ቤታት ካልእ ኣማራጽታት ክወስዱ ይግደዱ። ዘይንቡር ምንቅስቓስ ወይ ስግረ-ዶብ ህጻናት ክጋደድ ዝገብር ዘሎ ዘሕዝን ተሞክሮ እዩ።

97. ካብ ጥሪ ክሳብ ሚያዝያ 2018 ኣብ ዝነበረ ግዜ፣ ብወገን ማእከላይ ባሕሪ ካብ ዝኣትዉ ስደተኛታት፣ ኤርትራውያን ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ ኔሮም ብብዝሒ። ቁጽሮም ድማ 1, 810 ነበረ።.[24] ኣብ ወርሒ መጋቢት 2018 ናብ ጥልያን ካብ ዝኣተዉ ስደተኛታ፣ 23 ሚእታዊት ናይቲ ሽው ዝነበረ ኣሃዛት ብምውካል ኤርትራውያን እቶም ዝበዝሑ ኔሮም።[25]

---

22 SEMG report 2017, S/2017/925, para. 54-55.

23 European Asylum Support Office, Early warning and Preparedness System, Latest Asylum Trends - Overview 2017, released on 1 February 2018, available at https://www.easo.europa.eu/latest-asylum-trends-overview2017.

24 https://data2.unhcr.org/en/situations/mediterranean

25 UNHCR, EUROPE MONTHLY REPORT March 2018, p.1, available at

98. ኣላዪ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ብዝልምከት፡ ኣብ 2017፡ ብመገዲ ማእከላይ ባሕሪ ልዕሊ 30, 000 ህጻናት ስደተኛታት ኣትዮም ናብ ኤውሮፓ። ካብዚኦም 17, 000 ኣላዪ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ እዮም። መብዛሕትኦም፡ ንኤርትራ ሓዊስካ ካብ ኣፍሪቃ ዝመጹ እዮም። ንኤውሮጳ ኣብ ዝገበርዎ ጉዕዞ፡ ኣካላዊ ጎነጽ፣ ጭውያን ካልእን ዝኣመሰልዎ ዓመጽ ብዕጡቓት ሓይልታት ወሪድዎም።[26]

99. ካብቲ ዝተመዘዘትሉ ግዜ ኣትሒዛ፡ ፍልይቲ መርማሪት ንኣተሓሕዛ ኤርትራውያን ስደተኛታ ብዝምልከት ስክፍታታት ክትገልጽ ጸኒሓ እያ። ኣብ ዝተፈለለያ ሃገራት ንዘሎ ኩነታቶም ውን ብቐረባ ምክትታላ ቀጺላ።

100. ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ኤርትራውያን እቶም ዝበዝሑ ሓተትቲ ዑቕባ ብምዃኖም፡ ህዝቢ ብዛዕብኦም ብዙሕ ይዛረብ። ከም መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ለካቲት 2017 ዝተወሰነ ውሳኔ፡ ኣብ ነሓሰ 2017 ውን ፈደራላዊ-ምምሕዳራዊ  ቤት ፍርዲ ስዊዘርላንድ ካልኣይ ውሳኔ ኣሕሊፉ። ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝነበሩ ኤርትራውያን ንዓዶም እንተተመልሱ፡ ዳግም ናይ ምዕስካር ወይ ድማ ናይ መቕጻዕቲ ሓደጋ ከም ዘየጋጥሞም ደምዲሙ።

101. ኣብ መጀመርታ ናይ 2018፡ ክፍሊ ኢምግረሽን ስዊዘርላንድ፡ ን3000 ኤርትራውያን ዝምልከት ግዚያዊ ናይ መንበሪ ፍቓድ ዳግም ክጻረ ወሲኑ። እቲ ዕላማ፡ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ዝኽእልሉ ዕድላት እንተሎ ንምፍታሽ እንኮላይ እዩ፤ ንዕኡ ዘኽእል ስምምዕ ዘየለ እኳ እንተኾነ። ፍልይቲ መርማሪት፡ እቲ እናንሃረ ዝኸይድ ዘሎ ቁጽሪ ሓተትቲ ዑቕባ ኤርትራውያን ኣብ ውሽጣዊ ኩነታት ስዊዘርላንድ ዝፈጥሮ ጸቕጢ ትግንዘቦ እያ። ይኹን እምበር፡ እቶም ሓተትቲ ዑቕባ፡ እንኮላይ እቶም ኣላዪ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ፡ ካብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ሃዲሞም ዝመጹ እዮም። ዘህደሞም ምኽንያታት ብጭቡጥ ከይተቐየረ እንከሎ፡ ንናይ ዑቕባ መሰሎም ብዝምልከት ዝግበር ናይ ፖሊሲ ለዉጢ ምኽኑይ ክትገብሮ ምፍታን ኣዝዩ ከቢድ ይኸውን።

102. ኣብ ታሕሳስ 2017 ናብ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ዝተላእከ ናይ ሓባር ናይ ጥርዓን ደብዳበ፡ ገለ ፍሉያት መርመርቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣቤቱታ ኣቕሪቦም ኔሮም። 700 ዝኾኑ ኤርትራውያን ካብ ኣመሪካ ናብ ዓዶም ክጥረዙ ዝብል ውሳኔ ዝፈጠሮ ቅሬታ ንምግላጽ እዩ እቲ ደብዳበ ተጻሒፉ፤  ዝኾነ ስደተኛ ንሓደጋ ናብ ዝሳጥሓሉ ሃገር ክምለስ የብሉን ዝብል መትከል (ሪፎሎሞ/refoulement) ዝጻረር ስለ ዝኾነ።[27] እቲ መስርሕ ኣብ መስከረም 2017 ብክፍሊ ጉዳያት ውሽጣዊ ጸጥታ ኣመሪካ እዩ ጀሚሩ። ኤርትራውያን ብሓይሊ ንዓዶም እንተተመሊሶም፡ ማእሰርቲ፣ መግረፍትን ስቅያትን ከጋጥሞም ከም ዝኽእል እቶም ፍሉያት መርመርቲ ኣተሓሳሲቦም። ካብ ኤርትራ ብዘይ ሕጋዊ መገዲ መጺኦም ዝበሃሉ ኤርትራውያን፡ ተጠሪዞም እንተተመሊሶም፡ ናይ ጥብቅና መሰል ከይተሓለወሎም፡ ምስ ስድርኦም ውን ከይተራኸቡን ንነዊሕ እዋን እዮም ዝእሰሩ። ፍልይቲ መርማሪት ካብ መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ወርሒ መጋቢት 2018 ንዝተወሃበ ዝርዝራዊ መልሲ ዘለዋ ኣድናቖት ትገልጽ። ትሕዝትኡ ኣብ ናይ ፍሉያት መርመርቲ ጸብጻብ ተገሊጹ ኣሎ።

103. ኣብ ለካቲት 2018 ናብ መንግስቲ እስራኤል ኣብ ዝተላእከ ናይ ሓባር ናይ ጥርዓን ደብዳበ፡ ገለ ፍሉያት መርመርቲ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣቤቱታ ኣቕሪቦም ኔሮም። ዜጋታት ኤርትራ፡ መሰሎም ናብ ዝገሃሰሉን ውሑስ ናይ ዑቕባ ዕድል ናብ ዘይረኽቡሉን ሃገራት ኣፍሪቃ ብሓይሊ ክጥረዙ ሓደጋ የንጸላልዎም ስለ ዝነበረ፡ ነዚ ዝምልከት ቅሬታ ኣስሚዖም።[28]

104. ንኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ እስራኤል ብዝምልከት፡ ኣዝዩ ትሑዝት ተቐባልነት ምህላዉ፡ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንዝሃደሙ ውን ተፈላጥነት ናይ ዘይምሃብ ጸገም ከም ዘሎን ኣብቲ ንመንግስቲ እስራኤል ዝተላእከ ናይ ጥርዓን ደብዳበ ተገሊጹ። እዚ ጸብጻብ እዚ ክሳብ ዝተጻሕፈሉ እዋን፡ነቲ ዝተላእከ ናይ ጥርዓን ደብዳበ ካብ መንግስቲ እስራኤል ዝተውሃቦ ዝርዝራዊ ምላሽ ብዘይ ምህላዉ፡ ፍልይቲ መርማሪት ዝተሰምዓ ቅሬታ ትገልጽ።

105. ኣብ ወርሒ ሚያዝያ፡ 16, 000 ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ስደተኛታ ናብ ካልኦት ውሑሳት ዝበሃላ ሃገራት ክግዕዙ፡ ገሊኦም ድማ ኣብ እስራኤል መሰሎም ክሕለወሎም ዝብል ሓበሬታ ምስ ተቓልሐ፡ ንሓጺር እዋን እቲ ጸገም ዝተፈትሐ መሲሉ ኔሩ።[29] ይኹን እምበር፡

https://data2.unhcr.org/en/documents/download/63240.

[26] UNHCR, Desperate Journeys, January 2017 – March 2018, p. 15, available at https://data2.unhcr.org/en/documents/download/63039.

[27] Communications report of special procedures, A/HRC/38/54, see also reply by the United States of America of 7 March 2018.

[28] Communications report of special procedures, A/HRC/38/54.

[29] እዚ ዝስዕብ ርአ UNHCR Press Release ‘UNHCR and Israel sign agreement to find solutions for

ነዊሕ ከይጸንሐ ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ነቲ መደብ ሰሪዝዎ። ንኤርትራውያንን ካልኦት ስደተኛታትን ናይ ምጥራዝ መስርሕ ክቕጽል ምኽንያት ውን ሓቢሩ። ናይ መጻኢ ዕድል ኤርትራውያን ገና ኣይተነጸረነን ዘሎ።

## IV. ተሓታትነትን ፍትሕን

106. ምንጋስ ፍትሒ ሓደ ካብ መሰረታዊ ጠለባት ናይ መርማሪት ኮምሽን እዩ። ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዓመት ናይ መዝነታ ግዜ ውን ፍልይቲ መርማሪት በዚ ጠለብ እዚ እያ ተማእዚና ሰሪሓ። መርማሪት ኮምሽን ኣቐዲሞም ንዝተፈጸሙን ሕጂ ይቕጽሉ ንዘለዉን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተሓታትነት ክህሉ ጸዊዓ። እቶም ገበናት ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልሉ እዮም፡- ባርነት፣ ማእሰርቲ፣ ምሽራብ ሃለዋት፣ መግረፍቲ፣ ዘይሰብኣዊ ተግባራት፣ ምህዳን፣ጾታዊ ዓመጽን ሞትን።

107. ኣብቲ ናይ 2017 ጸብጻባ፡ ፍልይቲ መርማሪት፡ ኣብ ሃገራዊ፣ ዞባውን ኣህጉራውን ደረጃታት ክትግበር ብዛዕባ ዝኽእል ናይ ፍትሒ መስርሓት ገለ እማመታት ኣቕሪባ ኔራ። ናይ ኣህጉራዊ ገበናዊ ሕጊ መትከላት (the principle of universal jurisdiction) ብዝፈቕዶ መሰረት ኣብ ገለ ሃገራት ክግበር ብዛዕባ ዝኽእል ፈተነታት ብፍላይ ኣተኵራ ኔራ። እዚ ጸብጻብ እዚ ኣብ ዝሽፍኖ ናይ ግዜ መቓን ውን ብዛዕባ እዚ ተኽእሎ እዚ ዝሰፍሐ ኣፍልጦ ክህሉ፡ ተራ ግዳያት ውን ክዓዝዝ ጽዒራ። ናይ ፍትሕን ተሓታትነትን ጉዳይ ነዊሕ መስርሕ ከም ምኽንያት መጠን፡ ናይ ኩሎም ዝምልከቶም ወገናት ቀጻሊ ጻዕሪ ይሓትት።

## V. ገምጋምን መደምደምታን

108. ፍልይቲ መርማሪት፡ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ፡ ብደረጃ ሕቡራት ሃገራትን ብዞባዊ ደረጃን ንሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት የካይድዎ ንዘለዉ ጻዕርታት ትንእድ። ንምስትምቓር ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ባይታ ብዝምልከት ግን፡ እዞም ጽምዶታት እዚኣቶም ዘምጽእዎ ጭቡጥ ለውጢ ዘየለ ምኽንያት የሕዝን። ካብ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ዝመጹ ኤርትራውያን ንፍልይቲ መርማርቲ ከም ዝሓበርዋ፡ ኣብ መራሕቲ ሃገር እምነት ከሕድሩ እንተኾይኖም፡ ካብ ሕጂ ክሳብ ንሓዋሩ ሰብኣዊ መሰላቶም ክኽበረሎም ከም ዝኾነ ውሕስነት ምስ ዝወሃቦም ጥራይ እዩ።

109. ብሓፈሻዊ ገምጋም ፍልይቲ መርማሪት፡ ንድሕሪት ተመሊስካ ክርአ እንከሎ፡ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ድዉን ምስሊ እዩ።

ሀ) ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ሕልኽልኽ ዝበለ ኮይኑ፡ ብብኩራት ልዕልና ሕግን ድኽመት ትካላት፡ እንኮላይ ፍርዳዊ ትካላትን ዝማሰነ እዩ፣

(ለ) እቲ ብመርማሪት ኮምሽን ከም ባርነት ዝተገለጸን፡ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ንኽበሃል ውን ምኹኑይ ሰረታት ከም ዘለዎ ዝእመነሉ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ንሓጺር እዋን ዝጸንሐ ናይ 2015 ወሰኽ ደሞዝ ገዲፍካ፡ ንምልዋጡ ዝምልከት ዝኾነ ሓበሬታ የሎን፣

(ሐ) ካልኦት ኣብነታት ናይ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት፡- ማእሰርቲ፣ ምሽራብ ሃለዋት፣ መግረፍቲ፣ ዘይሰብኣዊ ተግባራት፣ ምህዳን፣ ጾታዊ ዓመጽን ሞትን ይቕጽል ኣሎ፣

(መ) ምሉእ ብምሉእ ናብ ዓስከር ኣብ ዝተቐየረ ሕብረተሰብ፡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ምልሻን ሰባት ይቕይዱ፤ ንቡር ሂወት ዘይከኣል ኮይኑ። ውትህድርና ንኹሉ ጽላታት ሕብረተሰብን ትካላትን ናይታ ሃገርን ዝተቖጻጸረ ምኽንያት ፍልይቲ መርማርቲ ከም ዘተሓሳስባ ትገልጽ፣

(ረ) መንግስቲ ኤርትራ፡ ንናይ ሓሳብ ፍልልይ ዝህቦ ግብረ-መልሲ፡ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ፡ እንኮላይ ማእሰርቲ ኣብ ዕልቕልቕ ዝበዝሐ መዳጎኒ ቦታትት እዩ። ኣብ ቅድሚ ናጻን ዘይሻራውን ኣብያት ፍርዲ ቀሪብካ ሕጋውነት ናይ ማእሰርቲ ክትምክት ዕድል የለን፣

(ሰ) ንሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ኣህጉራዊ መምዘታት ዝፈቕዶ መሰረት፡ ብሰላም ናይ ምእካብን ምእዳምን መሰላት፡ ዓቐን ብዝሓለፎ ጎነጻዊ ኣገባብ፡ ብወተሃደራትን ኣኽበርቲ ጸጥታን ይጥቃዕ። ሰላማዊ ሰልፊ ዝገብሩ ሰባት፡ ሓሳቦም ብምግላጾም ይእሰሩ፣

Eritreans and Sudanese’, 2 April 2018, available at http://www.unhcr.org/news/press/2018/4/5ac261bd4/unhcr-israel-sign-agreement-find-solutions-eritreans-sudanese.html.

(ሸ) መንግስቲ ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ንምቁጽጻር ዝገብሮ ዝተፈላለየ ምትእትታዋት፡ ንሃይማኖታዊ ምጽውዋር ዘይሕግዝ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ምስ ታሪኽ ናይቲ ንነዊሕ ዘመናት ተጸዋዊሩ ዝነበረ ሕብረተሰባት ዘይቃዶ እዩ፣

(ቀ) እሱራት ብዛያዳ፡ ከም መግረፍቲ ንዝኣመሰለ ግህሰት መሰላት ዝተቓልዑ እዮም። ሕጋውን ስርዓታውን ውሕስነት ኣብ ዘይብሉ፡ ምስ ስድርኦም ይኹን ምስ ጠበቓ ክራኸብሉ ኣብ ዘይክእሉ ኩነታት ይቕየዱ፣

(በ) ቅድሚ ፍርዲ ዝግበር ቀይዲ ፍሉይ ክንዲ ዝኸውን ንቡር ተርእዮ እዩ፣

(ተ) ምምቕራሕ ስልጣንን ኣብ ሞንጎ ኣካላት መንግስቲ ክህሉ ዝግብኦ ምዕሩይ ሚዛን ዝሕሉ ትካላት ድኹም እዩ ወይ ውን ፈጺሙ የለን፣

(ጎ) ብገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ህግሰት ሰብኣዊ መሰላትን ዝኸሰሱ ሰባት ዝሓቶም ዘይብሎም ምኳኑ እቲ ዝዓበየ ጸገም እዩ። መንግስቲ ውን ንምቕጽያም ዝወሰዶ ዝኾነ ስጉምቲ የለን፣

(ነ) ግዳያት ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነትን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ካብ መንግስቲ ኤርትራ ፍትሒ ከረኽቡ ከም ዘይኮኑ ተነጺሩ ኣሎ። ተሓታትነት ኣብ ዘይብሉ ኩነታት፡ በደልቲ ስለ ዘይቅጽዑ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ክቕጽል ግድን ይኸውን።

# VI. ለበዋታት

***ፍልይቲ መርማሪት ንመንግስቲ ኤርትራ እዞም ዝስዕቡ ለበዋታት ተቕርብ፡-***

110. ***ብመርማሪት ኮምሽንን ብፍልይቲ መርማሪትን ዝተሰነዱ ህግሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ እንኮላይ ኣብዚ ጸብጻብ እዚ ተገሊጾም ዘለዉን ገና ውን ይፍጸሙ ዘለዉ ግህሰታት ብህጹጽ ደው ይበሉ፣***

111. ***ኣብዚ ጸብጻብ እዚ ከምኡ ውን ኣብ ዝሓለፈ ጸብጻባት ናይ ፍልይቲ መርማሪትን መርማሪት ኮምሽንን ዝቐረቡ ለበዋታት ብዕቱብ ብምስትብሃል፡ ኣብ ግብሪ ከም ዝውዕሉ ንምግባር ዝሕግዝ፡ ንጹር፣ ዝዕቀን፣ ዝጭበጥ፣ ግብራውን ናይ ግዜ ሰሌዳ ዘለዎን ናይ ውጥን ስራሕ ምድላው፣***

112. ***ንኹሎም ናይ ሕልና እሱራት፡ እንኮላይ ትጅለ 15ን ካልኦት ብሰሪ ሃይማኖቶም ዝተኣሰሩን ብዘይ ቅድመ-ኩነት ምፍታሕ፣***

113. ***ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ብህጹጽ ደው ክብል ስጉምቲ ምውሳድ፡ ብዘይ ፍትሒ ተኣሲሮም ዘለዉ፡ ብፍላይ ህጻናት፣ ሽማግለታትን ደቂ ኣንስዮን ምፍታሕ፣***

114. ***ዕልቕልቕ ናይ መዳጎኒ ቦታታት ፍታሕ ከም ዝርከብ ምግባር፡ ኣብ መዳግኒ ቦታታት ዘጋጥም ሞት ውን ምክልኻሉ ንኽከኣል፡-***

- ***መሰረታዊ ናይ ሕጊ መትከላት ብዝእዝዞ መሰረት፡ ክሱሳት ጉዳዮም ከረድኡ ዕድል ከም ዝወሃቦም ምግባር፣***
- ***ቅዩዳት ናይ ሕጊ ምኽሪ ከም ዝረኽቡ ምግባር፣***
- ***መቐየዲ ቦታታት ነቲ ዝቐምሉ መዓላት ጥራይ ከም ዘገልግሉ ምግባር፣***
- ***ንህጻናት፣ ሽማግለታት፣ ደቂ ኣንስትዮን ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ሰባትን ዝኸውን ፍሉይ መቐየዲ ቦታታት ምድላው፣***

115. ***ህጹጽ ፍታሕ ንዝደሊ ጉዳያት ዝከታተልን ጥርዓን ዝቕበልን ናጻ ኣካል ብህጹጽ ምቛም፤ ብፍላይ ብዘይ ፍርዲ ንዝግበር ዝተናውሐ ናይ ቀይዲ ግዜ፡ ከምኡ ውን ንኣተሓሕዛ ህጻናት፣ ኣረገውቲ፣ ደቂ ኣንስትዮን ኣደታትን ኣብ ቀይዲ ዝምልከት ጉዳያት ዝከታተል፣***

116. ***ንኣተሓሕዛ ቅዩዳት ብዝምልከት ብሕቡራት ሃገራት ዝወጸ መምርሒ፡ "ኔልሰን ማንዴላ ሩልስ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ተፈጻምነት ከም ዝህልዎ ምግባር፣***[30]

[30] United Nations Standard Minimum Rules for the Treatment of Prisoner (The Nelson Mandela Rules), General Assembly Resolution 70/175.

117. ***ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት፡ ሓሳብካ ብናጻ ናይ ምግላጽ መሰል፣ ናይ ምእካብን ማሕበር ናይ ምቛምን መሰል ክረጋግጽ መታን ነዞም ዝስዕቡ ስጉምታት ምውሳድ ፡-***

- ***ኣብ ግዜ ሰላማዊ ሰልፊ ካብ ዓቐን ዝሓለፈ ሓይሊ ንዝጠቀሙ ኣባላት ሓይልታት ጸጥታ ብሕጊ ከም ዝሕተቱ ምግባር፣***
- ***ኣብ ግዜ ሰላማዊ ብዘይ ሕጋዊ መስርሕ ዝተኣስሩ ኩላቶም ብዘይ ቅድመ-ኩነት ከም ዝፍትሑ ምግባር፣ ከምኡ ውን***
- ***ሓሳብካ ብናጻ ናይ ምግላጽ መሰል፣ ናይ ምእካብን ማሕበር ናይ ምቛምን መሰል ብዝበለጸ ክረጋገጽ መታን፡ ዘለው ሕግታት ምኽላስን ምስ ኣህጉራዊ መለክዕታት ከም ዝቃደዉ ምግባርን።***

118. ***ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ*** (***መልክዕታት***) ***ብዝጠልቦ መሰረት፡ ገዛውቶም ንዝፈረሶም ከምኡ ውን መሬቶም ዝተሓድጉ ሰባት ካሕሳ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ መገዲ ምጥጣሕ፡ ኣብ ልዕሊኦም ጎነጽን ናይ ማእሰርትን ስጉምታት ከም ዘይውሰድ ድማ ውሕስነት ምሃብ፣***

119. ***ልምዳዊ ዋንነት መሬት ብዝምልከት፡ ናይ ዝምልከቶም ወገናት መሰልን ተጠቃምነትን ሕሉው ከም ዝኸውን ምግባር፡ ኩነታት መነባብርኦም ከይመዛበል ምጥንቃቕ፡ ከምኡ ውን ዝኾነ ኣብቲ መሬት ዝግበር ንጥፈታ ብፍቓዶም ጥራይ ከም ዝኸውን ምግባር፣***

120. ***ናይ ሕቡራት ሃገራት ፍሉያት መርመርቲ ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ክፉት ዕድመ ምቕራብ። ከምዚ ምስ ዝግበር፡ ኤርትራ ምስ ፍሉያት መርመርቲ ንምትሕግጋዝ ዘለዋ ቅሩብነት ተርኢ፡ ምኽንያቱ መዝነት ናይዞም ፍሉያት መርመርቲ ሓደ ካብቲ ቀንዲ መለለዪ ጠባያት ናይ ኣህጉራዊ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ብምኳኑ፣***[31]

121. ***ኣብ ሰብኣዊ መዳያት ዝነጥፉ ትካላት፡ ከምኡ ናይ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ዘይመንግስታዊያን ትካላትን፡ ንድርቕን ካልእ ተመሳሳሊ ጸገማትን ብዝምልከት፡ ኣብ ኤርትራ ኣትየን ንጥፈታ ከካይዳ ምፍቃድ፣***

***ፍልይቲ መርማሪት ንሃገራት ዓለምን ኣህጉራውያን ውድባትን እዚ ዝስዕብ ለበዋታት ተቕርብ፡-***

122. ***ከቢድ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተሓታትነት መታን ክግበረሉ፡ መርማሪት ኮምሽን ከም ዝተላበወቶ ውን፡ ኣብ ኤርትራ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ከም ዝተፈጸመ ዘረድእ ምኽኑይ እምነት ምስ ምህላዉ፡ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ጉዳይ ኤርትራ ናይ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ገበኛታት ክምራሕ ምጽዓር፣***

123. ***መደምደምታን ለበዋታትን መርማሪት ኮምሽን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ዝምልከት ሕጋዊ መርስሕ ብምክያድ፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተወሳኺ ገበናት ከም ዝድሕን ምግባር፣***

124. ***ንኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ፡ ከምኡ ውን ተጎዓዝቲ ስደተኛታት፡ ዘድሊ ሕጋዊ ሓገዝ ምሃብ፡ ብፍላይ ናብ ሃገሮም ከም ዘይጥረዙ ብምግባርን ምስ ኤርትራ ዝግበር ስምምዓት ብምቑራጽን፣***

125. ***መንግስቲ ኤርትራ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት፡ ብናይ ግዜ ሰሌዳ ዝቕየድ ጭቡጥን ግብራውን ስጉምታ ክወስድ ምጽዋዕ፡ ብፍላይ ኣብዞም ዝስዕቡ መዳያት፡-***

- ***ናይ*** 1997 ***ቅዋም ምትግባር፡ ወይ ድማ ንኹሉ፡ እንኮላይ ንውሑዳን፡ ዘሳትፍ ሓድሽ መስርሕ ምንዳፍ ቅዋም ክጅምር፣***
- ***ናጻን ሓራን ምርጫ ንምካያድ ዘኽእሉ ጽገናታት ክገብር፣ ከምኡ ውን***
- ***ብሂወት ናይ ምንባር መሰል፣ ናይ ሓርነት መሰልን ውልቃዊ ጸጥታዊ ውሕስነት ዜጋታት ክኽብር።***

---

[31] ንተወሳኺ ሓበሬታ እዚ ዝስዕብ ርአ፡ ‘standing invitations’ http://spinternet.ohchr.org/_Layouts/SpecialProceduresInternet/StandingInvitations.aspx.

126. **ኣህጉራውን ክልተኣውን ናይ ምትሕግጋዝ ስምምዓት ብፍላይ፡ ንሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ሓረጋት ዘጠቓለለ ክኸውን ፍልይቲ መርማርቲ ትምሕጸን። ንኣብነት፡ እዚ ዝስዕብ ከጠቓልል ይኽእል፡-**

- **ምኽላስ ሕግታት፡ እንኮላይ እቲ ኣብ 2015/2016 ዝተኣወጀ ሓደስቲ ሕግታት፡ ምስ ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ ከሳኒ መታን ከም ዝኽለስ ምግባር፣**
- **ደያኑን ናይ ፍትሒ ሰብ ሞያን፡ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ስልጠና ከወስዱ ዘገድድ ረቛሕታት ከም ዝህሉ ምግባር፣ ብፍላይ ንኣተረጓጉማ ሕግታት ብዝምልከት፣**
- **ኣኽበርቲ ሕጊ፣ ጠበቓታ፣ ናይ ኣብያተ ፍርድን ኣብያተ ማእሰርትን ሰራሕተኛታት፣ ከምኡ ውን ምስ ምኽባር ሕጊ ዝዛመድ ዕዮ ዝሰርሑ ሰባት፡ ግቡእ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ስልጠና ከም ዝወሃቦም ምግባር፣**
- **ደያኑ፣ ኣኽበርቲ ሕጊ፣ ጠበቓታት፣ ናይ ኣብያተ ፍርድን ኣብያተ ማእሰርት ሰራሕተኛታት፡ ጉዳያት ብስሉጥን ምዕሩይን ፍትሓውን ኣተሓሕዛ ከአንግዱ ዘኽእሎም ስልጠናታት ምሃብ፣**
- **ንሕጊ፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ መስርሕ ሕጊ ዝምልከት ጽሑፋትን ሕትመታትን ብግቡእ ከም ዝዝርጋሕ ምግባር፣**

***ፍልይቲ መርማሪት ንቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት እዚ ዝስዕብ ለበዋታት ተቕርብ፡-***

127. **ብመሰረት ጸብጻባት መርማሪት ኮምሽን፡ ኣብ ኤርትራ ይፍጸም ዘሎ መጠነ-ሰፊሕ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ክኹንን፣**

128. **ዝግበር ዘሎ ጽኑዕ ክትትልል፡ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ንምምሕያሽ ኣድላዪ ብምዃኑ ክቕጽሎ፣**

129. **እዞም ዝስዕቡ ፍሉያት መርመርቲ፡ ልሙድ ኣሰራርሓ ብዝፈቕዶ መሰረት፡ ኣብ ዝቐለጠፈ ግዜን ብዘይ ቅድመ-ኩነትን ናብ ኤርትራ ክኣትዉ ክፍቀደሎም መታን ምሕጽንታ ምቕራብ፡**

- **ሓሳብካ ብናጻ ናይ ምግላጽ መሰል ዝከተታል ፍሉይ መርማሪ**[32]
- **ንመሰል ምግቢ ዝከታተል ፍሉይ መርማሪ**[33]
- **ንመሰል ሃይማኖትን እምነትን ዝከታተል ፍሉይ መርማሪ**[34]
- **ንመግረፍቲ፣ ካልእ ዘይሰብኣውን ኣሰቃቕን መቕጻዕቲ ዝከታተል ፍሉይ መርማሪ**[35]
- **ካብ ሕጊ ወጻኢ ንዝግበር ምቕታልን ምርሻንን ዝከታተል ፍሉይ መርማሪ**[36]
- **ፍልይቲ መርማሪት ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ**[37]
- **ንዘይ ሕጋዊ ማእሰርቲ ዝከታተል ጉጅለ ክኢላታት**[38]
- **ብሰላም ናይ ምእካብን ማሕበር ናይ ምቛምን መሰል ዝከታተል ፍሉይ መርማሪ**[39]

***ፍልይቲ መርማሪት እዚ ዝስዕብ ለበዋ ናብ ሕብረት ኣፍሪቃ ተቕርብ፡-***

130. **ኣብ ትሕቲ ሕብረት ኣፍሪቃ ዝሰርሕ፡ ኣብ ኤርትራ ገበናት ኣንጻር ሰብኣውነት ፈጺሞም ዝበሃሉ ጥርጡራት ናብ ፍርዲ ዘቕርብ ናይ ተሓታትነት ኣገባብ ክምስርት።**

---

[32] ጠለብ ኣብ 2003 ተሰዲዱ፡ መዘኻኸሪ ኣብ 2015 ተደጊሙ.
[33] ጠለብ ኣብ 2003 ተሰዲዱ።
[34] ጠለብ ኣብ 2004 ተሰዲዱ, መዘኻኸሪ ኣብ 2005 ተደጊሙ።
[35] ጠለብ ኣብ 2015 ተሰዲድ፡ መዘኻኸሪ ኣብ 2017 ተደጊሙ።
[36] ጠለብ ኣብ 2010 ተሰዲዱ።
[37] ጠለብ ኣብ 2012 ተሰዲሙ፡ መዘኻኸሪ ኣብ 2017 ተደጊሙ።
[38] ጠለብ ኣብ 2018 ተሰዲዱ።
[39] ጠለብ ኣብ 2018 ተሰዲዱ።

***ፍልይቲ መርማሪት ንሲቪካውያን ማሕበራትን እዚ ዝስዕብ ለበዋ ተቕርብ፥-***

131. **ኣብ ኤርትራ ይፍጸም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ቀጻሊ ክትትል ክግበረሉን ንምሽቱ ተሓታትነት ውን ክግበረሉ መታን፡ ተተሓሒዘንኦ ዘለዋ ናይ ስነዳ፣ ሓበሬታ፣ ጎስጓስን ትንተናን ስራሕ ክቕጽልኦ።**

---